# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 29 ዓመት ቁ.80 | ሰሉስ 3 ታሕሳስ 2019 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3


መግለጺ 3 ታሕሳስ 2019 - ኣህጉራዊ መዓልቲ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት

ገጽ 4

ክብሪ ቢራ ተሰነይ እንታይ'ዩ ምስጢሩ?




ገጽ 6

ደበሳይ፡ ስም ይመርሕ ጥዋፍ የብርሀ



ገጽ 8

ፍሉይ ጠባያት ማይ




ገጽ 9

ቅነ ስፖርት እዚ ማእከል ይቕጽል




# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን ኣዘራረቡ


ስ/ ታእዛዝ ኣብርሃ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብ1 ታሕሳስ ብምኽትል ኣቦመንበር ልኡላዊ ባይቶ ጀነራል መሓመድ ሓምዳን ዳግሎ ንዝተመርሐ ልኡኽ ሱዳን፡ ኣብ ኣዳራሽ ሃገር ተቐበሉ ኣዘራረቡ።

እቲ ርክብ፡ ኣብ ሕቶ ወሕስነት ሰላም ሱዳን ብሓፈሻ፡ ኣብ መንገዲ መንግስቲ ሱዳንን ብረታዊ ቃልሲ ከካይዱ ዝጸንሑ ጉጅለታትን ዝተገብረ ዘሎ ዝርርብ ሰላምን ኪኖኡን ደማ ብፍላይ ዘተኮረ ነይሩ።

ጀነራል መሓመድ ሓምዳን ዳግሎ፡ ብዝሃበቶ ማእርሕ ሰላምን ብጁሕዎ ዘሎ ደረጃን ንፕረዚደንት ኢሳይያስ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ደገፍ ኤርትራ ኣብ ምዕዋቱ ኣገዳሲ ምዃኑ ገሊጹ።

"ጉዳይ ሱዳን ዘጋጥሞ ብድሆታት ንሃገርን ፍታሕ ዘርከበ፡ ብሱዳናውያን ጥራይ እዩ" ዝበሉ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ህዝቢ ሱዳንን ሃገራውያን ትካላቱን ኣብዚ ጉዳይዚ ብዝበለ ዘለዎም ዓቕሚ ብቐዓትን ከምዝተኣማመኑ እቲ መሰረታዊ ፍታሕ ኣብ ምርግጋጽ ማዕርነት ኩሉም ዜጋታት ሱዳን ከምዝምርኮስ ኣብሪሆም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ መወዳእታ፡ ኣጠማምታ ኤርትራ ኣብ ማእርሕ ምስፋን ሰላም ሱዳን ድሕሪ ምግላጽ፡ ኤርትራ ብኩነታት ሱዳን እትጽለዎን እትጽልዎን ሓቀኛ መሻርኽቲ ህዝቢ ሱዳን ብምዃና፡ ህዝባውን መንግስታውን ኤርትራ ኣብ ምርግጋጽ ሰላም ሱዳን ዝጻወቶም ተራ ክጸውቱ ቅሩባት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ክልተኣዊ ዝምድና ኤርትራን ሱዳንን ሐዚዎ ዘሎ እውታዊ ኣንፈቱን ንምድንፋዕ ክልቲኦም መንግስትታት ብሓባር ክሰርሑ እውን ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ።

ኣብቲ ርክብ፡ ብወገን ሱዳን - ኣባላት ልኡላዊ ባይቶ ሌተና ጀነራል ያስር ዓብዱራሕማን ኣልዓጣን ኣሰይዳ ረጃእ ኒኮላን ከምኡ'ውን ሚኒስተር ባህልን ዜናን ኣቶ ፈይሰል መሓመድ-ሳልሕ፡ ብወገን ኤርትራ ድማ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ኣማኻሪ ፕረዚደንት ኣቶ የማነ ገብረኣብን ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሱዳን ኣቶ ኢብራሂም እድሪስን ተረኺቦም ነይሮም።

# ስልጠና 'ድሕነት ኣከባብያዊ ሓደጋታት' ተዛዚሙ

ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን፡ ምስ ማእከል ክሊማዊ ትንበትን ትግባረን ዞባዊ በይነመንግስታዊ በዓል-ስልጣን ንልምዓት (ICPAC) ብምትሕብባር ዝወደቦ - ኣብ ኣከባብያዊ ቁጽጽር ከምኡ'ውን ምክልኻልን ምድህሳስን ኣከባብያዊ ሓደጋታት ዘተኮረ ንሽድሽተ መዓልታት ዝቐጸለ ስልጠና - ብ30 ሕዳር ተዛዚሙ።

ኣብዚ ኣከባብያዊ ሓደጋታት ንምፍላጥን ንምቁጽጻርን፡ ቴክኖሎጂካዊ ሓበሬታ ንምልውዋጥ፡ ከምኡ'ውን ዓቕሚ-ሰብ ንምምዕባል ዝሕግዝ ስልጠና፡ ካብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ከምኡ'ውን ካብ ካልኦት ምስ'ቲ ሞያ ብቐጥታ ምትእስሳር ዘለወን መንግስታውያን ትካላት ዝመጹ 42 ሰባት ተሳቲፎም።

ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ መደብ ኣቶ ኣማን ሳልሕ፡ ተሳተፍቲ ናይ'ዚ ክመጽእ ንዝኽእል ሓደጋታት ብቕድመ-ምድላዋት ንምብዳህ ወይ ንምቅላሉ ዝዓለመ ትምህርቲ፡ ኣፍልጦኦም ብምዕባይ ንሕቶ ኣከባቢ ኣብ እዋኑ ንምምላስ ጸላዊ ኣበርክቶ ክህልዎም እምነቱ ገሊጹ።

ኣወሃሃዲ ምሕደራ ሓደጋ ኣብ ዞባዊ በይነመንግስታዊ በዓል-ስልጣን ንልምዓት (IGAD) ኣቶ ክፍለማርያም ሰበሃቱ ድማ፡ ስልጠንቲ ዝቐሰምዎ ትምህርቲ ብግቡእ ተጠቒሞም ንሓደጋታት ዝተቓልዓ ከባቢታት ሃገርና ኣብ ምጽናዕን ቅድመ-ምድላዋት ኣብ ምጽፋፍን ካብኦም ዝሕተት ኣስተዋጽኦ ክገብሩ ተላቢዩ።

ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴ፡ ስልጠንቲ ናብ ትካላቶም ምስ ተመልሱ፡ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ብግብሪ ክሰርሕሉን ንመሳርሕቶም ከካፍሉን ብምልባው፡ ኣብ መጻኢ እውን፡ ናብ ምምዕባል ዓቕሚ መንእሰያት ዝቐንዐ ተመሳሳሊ ትምህርቲ ክውደብ ምዃኑ ገሊጹ።



ስ/ ኣቤል በረኸት

# ባጽዕ - ኣብ ዕቃበ ቅርሲን ባህላዊ ውርሻን ዝዘተየ ዋዕላ ተቓኒዑ

ብኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝተወደበ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ኣብ ዝርከብ ታሪኻዊ ኣገዳስነትን ቱሪዝማዊ ሱላቤትን ዘለዎ ሓድግታትን ባህላዊ ውርሻታትን ንምዝታይ፡ ብ27 ሕዳር ኣብ ከተማ ባጽዕ ዋዕላ ተቓኒዑ።

ኣብ'ቲ ናይ ሓደ መዓልቲ ዋዕላ፡ ሓድግታት ንምክንኻንን ንምዕቃብን ክወሰዱ ኣብ ዘለዎም ስጉምትታት ሰፊሕ ምይይጥ ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ዞባ፡ ኣገዳሲ ሃብታም ውርሻዊ ጸጋታት ከምዘሎ ዝገለጹ፡ ሓላፊ ጨንፈር ባህሊ ኣቶ የውሃንስ ገብረየሱስ፡ ንቕሓት ዜጋታት ብምኽያድ ብግቡእ ንምዕቃብ ዝተጀመረ ዕዮ ብዝሓየለ ምቕጻል ከምዘድሊ ኣረዲኦም።

ኣብ'ቲ ዋዕላ፡ ገለ ቅርስታት ይዓነዉን ይጠፍኡን ከምዘለዉ፡ እቶም ቀንዲ ጠንቅታት ድማ፡ ትሕተ-ቅርጻውን ልምዓታውን መደባትን ባህርያዊ ሓደጋታትን ከምዝኾኑ ክጥቀስ እንከሎ፡ ድሩዓትን ደጀንን ሰውራ ኤርትራ፡ ጥንታዊ ህንጻታት ባጽዕን ጥንታዊ መስገድ ሱሓባን ገለ ካብኦም ሓደጋ ኣንጸላልዩዎም ዘሎ ኣገደስቲ ሓድግታት ምዃኖም ተሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ልብሱ፡ ባህላዊ ውርሻን ታሪኻዊ ቅርስታትን ምስ መንነትና ዝተተሓሓዘ ብምዃኑ፡ ብዕምቈት ክዝተየሉን ንድሕነቱ ስጉምትታት ክውሰደን እዋኑ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

# ሰ/ቀ/ባሕሪ - መንእሰያት ንሰድራ ስዉኣት ሓጊዞም

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ መንእሰያት ሰራሕተኛታት በብትካሎም ተወዲቦም ሓላፍነት ምንባይ ሰድራ ስውኣት ክወስዱ ብዘእተውዎ ቃል፡ ሰራሕተኛታት ቱሪዝም ዞባ ንሰድራ ስውኣት ገንዘባዊ ሓገዝ ገይሮም።

ኣቲ ዘዋጽእዎ ገንዘብ ብ28 ሕዳር ንሰድራ ስውኣት ኣብ ዘረከብሉ ኣጋጣሚ፡ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣብ'ቲ

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል

# ህልቂት ዖናን በሰግዲራን ተዘኪሩ

መበል 49 ዓመት ዝኽሪ ህልቂት ዖናን በሰግዲራን፡ ብ30 ሕዳር ተዘኪሩ። ኣብ'ቲ ነበርቲ ከባቢታት ዖናን በሰግዲራን፡ ከተማ ከረንን ንኡስ ዞባ ሓመልማሎን ዝተረኸቡሉ - ኣብ ዖና ዝተኻየደ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ዓሊ ማሕሙድ፡ ተረጋጊኡ ዘሎ ናጽነት፡ ሰላምን ርግኣትን ብኽቡድ ዋጋ ህይወት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዖና፡ በሰግዲራን ካልኦት ተመሳሳሊ ግፍዒ ዝወረደን ከባቢታት፡ ኣሶማት ናይቶም ስውኣት ንምስናድን ኣስከሬኖም ንምእካብን ግቡእ መጽናዕቲ ክቕየድ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ'ቲ ዕለት፡ ውጹእ መዓት ዖናን በሰግዲራን ዝኾኑ ዜጋታት፡ ብዛዕባ'ቲ መግዛእታዊ ስርዓት ሃይለስላሴ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝፈጸሞ ዘስቅቕ ግፍዕታት፡ ዝኽርታቶም ኣካፊሎም።

ብዛዕባ'ቲ ኣብ 1970 ኣብ ልዕሊ ነበርቲ ክልተኣን ከባቢታት ዝወረደ ግፍዒ፡ ብመምህር ነጸርኣብ ኣዘዘ ዝተዳለወ መጽናዕታዊ ጽሑፍ እውን ቀሪቡ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ዓንሰባ፡ ኣቶ ሰራጅ ሓጂ፡ እቲ መደብ ሕድሪ ንኸየርሳዕ ጥራይ ዘይኮነ፡ መንእሰያትና ኑቲ ታሪኽ ብዝጥዑም ፈለጦምን ወረሰምን፡ ዝተሓልፈ ጸገማት መድረኻትን ዝተኸፍለ ሬዚን መስዋእትን ንኸስተንትኑ ከምዝሕግዝ ገለጹ።

ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኤርትራ ብግፍዕታት ገዛኢ ሓይልታት ካብ ዝተቐትሉ ኣስታት 50 ሽሕ ሰላማውያን ዜጋታት፡ ዛጊት ኣሶማት ናይ 24,679 ግዳያት ከም ዝተሰነዱ ኣብቲ ኣጋጣሚ ተገለጸ።





ስ/ሳሙኤል ግርማይ

# ሳዋ - ወለዲ፡ ንደቆም ምትብባዕ ክቕጽልዎ ይሕተቱ



ወለዲ፡ ኣብ ደቆም ተጉዳስነትን ንቕሓትን ትምህርቲ ከምኡ'ውን ኣነቓቓሕን ኣተባባዒን ኣተሓሳሰብታት ከስርጹ፡ ሓለፍቲ ኣሃዱታት ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ዋርሳይ-ይከኣሎ ኣዘኻኺሮም።

ሓላፊ ኣሃዱ ኣካዳሚያዊ ጉዳያት መምህር ምሕረትኣብ ጉብረስላሴ፡ ወጽኢት ትምህርቲ ኣብ ኣተኣላልያን ኣመላምላን ኣብያተ-ትምህርቲ ብሓፈሻ፡ ብወለዲ ኣብ ዝግበር ኩለንተናዊ ወፍሪ ደማ ብፍላይ ስለዝምርኮሱ፡ ወለዲ ኣማእዘንቲ ሓሳባት ከስንቕዎም ከምዝዋጻእ ኣገንዘበ።

ኮሚተ ወለዲ፡ ምምሕዳራትን መሻርኽትን ናብ ሳዋ ብምውራድ ምስ መማህራን፡ ተመሃሮን ኣለይትን ዘካይድዎ ርክባት፡ ኣብ ምብራኽ ሞራል ተመሃሮ ልዑል ኣበርክቶ ከምዝለዎ ዝገለጸ መምህር ምሕረትኣብ፡ ዝ. ተበግሶ'ዚ ዘይጀመራ ኣብያተ-ትምህርቲ ክስዕባኦ እተን ክሰርሓሉ ዝጸንሓ ደማ ብዝለዓለ ክቕጽላኦ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ሳዋ እትርከብ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ፡ ኣብ መላእ ሃገር ካብ ዝርከባ ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ናይ 11 ክፍሊ ትምህርቶም ዝዛዘሙ ተመሃሮ ተቐቢላ - ንክልጅ እተዳሉ ቤት-ትምህርቲ እያ።

# ጢያ - ባህሊ ዕቃበ ቅርሲታት ብዝሓየለ ክስራሓሉ ተሓቲቱ

ህዝቢ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ቅርሲታት ብግቡእ ብምዕቃብ ንወለድ-ወለዶ ከሰጋግሮ ብዝሓየለ ክሰርሕ፡ ሓላፊት ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ሓዋ መሓመድ ምስ ነበርቲ ጠያ ኣብ ዝገበረቶ ርክብ ገለጸ።

ኣብ'ቲ ዓበይቲ ዓዲ፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ኣመሓደርቲ ከቡበን ካልኦትን ዝተሳተፍዎ ርክብ፡ ንኣገዳስነት ዕቃበ ቅርሲታትን ባህላዊ ውርሻታትን ዝምልከት ሰፊሕ መብርሂ ዝሃበት ወ/ሮ ሓዋ፡ ንገለ ካብኡ ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል ብምቕራብ ንኣሸቱ ወለዶታት ክፈልጥዎን ክመራመሩሉን ይሰራሕ'ኳ እንተሎ፡ ብዚያዳ ግን ኣብ ዘለውዎ ከባቢታት ብግቡእ ተዓቂቦም ክጸንሑ ከምዝድሊ ኣብሪሃ።

እቲ ዞባ ሃብታም ጥንታዊ ቅርሲታትን ባህላዊ ውርሻታትን ከምዝለዎ ብምሕባር ድማ፡ ዝ. ዘሕብሩ ታሪኻዊ ስልጣኔታትን ዝገልጽ ሓድግታት ምዕቃብ ሓላፍነት ኩሉ ሕብረተሰብ ከምዝኾነ ኣዘኻኺራ።

ኣካይዲ ስራሕ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ኣረዕታ ኣቶ ማሕሙድ ዓብደላ፡ ቅርሲታት ታሪኽን መንነትን ስለዝኾኑ፡ ምዕቃቦን ምክንኻኑን ይጽናሓለይ ዘይብሃሎ ምዃኑ ኣገንዘበ።

# መደበር ጥዕና ሳፊራ፡ ሕጽረት መድሃኒት ክማልኣላ ይሕተት

ነበርቲ ምብራቓዊ ኣጻደፍ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕን ገለ ክፋል ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን እተገልግል መደበር ጥዕና ሳፊራ፡ ሓሓሊፉ ሕጽረት መድሃኒ የጋጥማ ምህላዉ፡ ተገልገልቲ ገሊጾም።

ኣሪና ዝተወከሱዎም ተገልገልቲ፡ በቲ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ዕጉባት እኳ እንተኾኑ፡ ዝተኣዘዘሎም መድሃኒት ንምግዛእ ናብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ ክኸዱ ይግደዱ ስለዘለው፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ቈላሕታ ክገብረላ ኣዘኻኺሮም።

ሓላፊ'ታ መደበር ጥዕና - ተሓጋጋዚ ነርስ ያሲን ዓሊ እውን፡ እኹል መድሃኒት ስለዘይብላ ዝምልከቶ ኣካል ቈላሕታ ክገብር ተላብዩ።

መደበር ጥዕና ሳፊራ፡ ካብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ ንሸነኽ ምብራቕ 18 ኪሎ-ሜትር ርሒቓ ትርከብ።

ካብ 1ይ ገጽ ዝቐጸለ

# ሰ/ቀ/ባሕሪ - መንእሰያት ንሰድራ . . .

ዞባ ኣቶ ኣሕመድ ጃዕፈር፡ እቲ መደብ ካብ ትካላት ናብ ምምሕዳራት ንኡስ ዞባ እናሰፍሐ ከምዝመጽእ ብምጥቃስ፡ ኑዮም ወለንታዊ ተበግሶ ብምውሳድ ሰድራ ጀጋኑ ስውኣቶም ዝሕግዙ ዘለዉ ምስጋና ኣቕሪቡ።

እቲ መደብ ካብ ዝጅምር ድሮ ሓለፍቲ ምንባይ 38 ሰድራ ስውኣት ተወሲዱ ከምዘሎ ዝጠቐሰ ኣቶ ኣሕመድ፡ ኣብ ምጽጋዕን ምህናጽን ኣባይቶም እውን ይነጥፉ ከምዘለዉ ሓቢሩ።

ሓላፊ ክፍሊ ቱሪዝም ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣቶ ሞገስ ኣሰገዶም፡ እቲ ብመንእሰያት ሰራሕተኛታት ዝተወሰደ ተበግሶ፡ መርኣያ ባህሊ ምትሕግጋዝ ህዝቢ ኤርትራን ክብርታት ሰውራኡን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ብኻልኦት መንእሰያት እውን ከምዝሰዓብ እምነቱ ገሊጹ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ደኩመንታሪ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ልዙብ መንእሰያት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ስነ ጥበባዊ ምርኢት ብምኽንያት 40 ዓመት ምምስራት ሃ.ማ.ደ. ኤርትራ 1ይ ክፋል |
| 14:30 | መደብ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:20 | ሙ/ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:40 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 17:40 | ሳይዳ |
| 19:20 | ስነ ጥበባዊ ምርኢት ብምኽንያት 40 ዓመት ምምስራት ሃ.ማ.ደ. ኤርትራ 2ይ ክፋል |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:10 | ሄረር |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ተኸታታሊት ኩናታዊ ፊልም እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሙ/ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

ብኻልኣይ ማስመር ተለቪዥን ኤርትራ ዝፍኖ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኣሎ፤
በርኽሊይ ምስ ማንሲቲ ሰዓት 11፡15 ምሸት


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት
ሳምራዊት መለስ
ትንሱእ ፍስሃየ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

# መግለጺ 3 ታሕሳስ 2019 - ኣህጉራዊ መዓልቲ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት

## "ኩለንትናዊ ተሳትፎ ንኮማዊ ተሃድሶን ምዕባለን ስንኩላን!"

*ሰብ ዘለዎ ድሕረ-ባይታ፡ ስንክልና፡ ጾታ፡ ሕብሪ ብዘየገድስ ክቡር እዩ። ስንክልና ምሳና ክውሊድ ዝኽእል ወይ'ውን ኣብ ጉዕዞ ህይወትና ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኪጋጥመና ዝኽእል ዝተፈላለዩ መልክዓት ዘለዎ፡ ማለት፡ ህዋሳዊ ስንክልና፡ ኣካላዊ ስንክልና፡ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና፡ ወዘተ. ክጥቀስ ይከኣል። ዓመት መጸ 3 ታሕሳስ ዝኽበር ኣህጉራዊ መዓልቲ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት ቀንዲ ዕላማኡ ብሓፈሻ ደቂ-ሰብ ኣብ ልዕሊ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት ዘየዳ ተገዳስነትን ቁላሕታን ከርእዩ ደርኺት ንምፍጣር፡ ሰድራቤታት፡ ኮምን ምስ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት ዝኣልዮ ትካላት ድማ ብፍላይ፡ ኩልንትናዊ ተሳትፎ ንኮማዊ ተሃድሶን ምዕባለን ስንኩላን፡ ንምርግጋጽ መብጽዓ ንምሕዳስ እዩ።*

*ሎሚ ዓመት ኣህጉራዊ መዓልቲ ስንኩላን፡ "ኩለንትናዊ ተሳትፎ ንኮማዊ ተሃድሶን ምዕባለን ስንኩላን!" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ትዝከር ኣላ። መዓልቲ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት ክብዓል ካብ ዝጀመረ፡ ብደረጃ ዓለም ንመበል 28 ግዜ፡ ኣብ ሃገርና ድማ ንመበል 24 ግዜ ኢዩ።*

*ቀጺሉ፡ ምሉእ ትሕዝቶ መግለጺ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ብኣጋጣሚ 3 ታሕሳስ መዓልቲ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት ኣዘራሪቡ ኣሎ።*

***

ሎሚ 3 ታሕሳስ፡ ምስ ስንክልና ንዝነብሩ ሰባት ዝተወፈየት ኣብ መላእ ዓለም ብኽብሪ ተዘኪራ እትውዕል ኣህጉራዊ መዓልቲ ኢያ። ናይ ሎም ዘበን 3 ታሕሳስ፡ "ኩለንትናዊ ተሳትፎ ንኮማዊ ተሃድሶን ምዕባለን ስንኩላን!" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ንጽምብላ ኣለና። እዛ መዓልቲ እዚ'ኣ ብደረጃ ዓለም ንመበል 28 ግዜ፡ ኣብ ሃገርና ድማ ንመበል 24 ግዜ ኢያ ተዘኪራ ትውዕል ዘላ። ንኹሎም ምስ ስንክልና ንዝነብሩ/ራ በዚ ኣጋጣሚ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን የሓጉሱ ይገልጽ።

ስንክልና ምሳና ክውሊድ ዝኽእል ወይ'ውን ኣብ ጉዕዞ ህይወትና ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኪጋጥመና ዝኽእል ዝተፈላለዩ መልክዓት ዘለዎ፡ ማለት፡ ህዋሳዊ ስንክልና፡ ኣካላዊ ስንክልና፡ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና፡ ወዘተ. ክጥቀስ ይከኣል። ስእን ግቡእ ኣተኣላልያ ንዋሕ እዋን፡ ሓደ ካብ'ቶም ቀንዲ ጠንቅታት ማሕበራዊ ሽግር ኮይኑ ስለዝጸንሐ ፍሉይ ቆላሕታን ኣተኩሮን የድልዮ ኣሎ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ ጸገማት ብሓፈሻ፡ ኣብ ልዕሊ ናይ ኩናት ስንኩላን ድማ ብፍላይ፡ ማሕበራዊ ክብርታት ዝሰረቱን ኣብ ፍቕርን ሓልዮትን ዝምርኩሰን ብዙሃዊ ሰልጡን ዝኾነ ኣመለኻኽታ እዩ ዘለዎ። እዚ ኾይኑ ባህርያዊ ስንክልና ንዘጋጥሞም ዝጸንሐ ኣሉታዊ ኣመለኻኽታ ኣብ ምእላይ ዓቢ ግደ ምጽዋቱ ብሩህ እዩ። ባህልን ልምድን ህዝቢ ኤርትራ ብውልቂ ይኹን ብጉጅለ ንዘኽሰቱ ማሕበራዊ ጸገማት፡ ዘሎ ኣተሓሕዛን ኣፈታትሓን ኮማዊ ሰረት ዝዓንዲ-ማእከሉ እዩ። እዚ ባህሊ'ዚ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ዜጋታት ካብ ሰድራ ቤቶምን ኮምን ከይተነጸሉ፡ ኣገልግሎት ዝረኽቡሉን ርእሶም ዝኽእሉሉን፡ ኣብ ሕቑፊ ሕብረተ-ሰቦም ማማቕም ንኽነብሩ ዘተባብዕን ዘድግፍን እዩ። ዚ ንምድራዕ እዩ ናይ ሎሚ ዓመት ቴማ 3 ታሕሳስ ኣህጉራዊ መዓልቲ ምስ ስንክልና ዝነብሩ/ራ ሰባት፡ "ኩለንተናዊ ተሳትፎን ተሃድሶን ምዕባለ ንስንኩላን" ክኸውን ዝተመርጸ።

ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ፡ ኮማዊ ሰረት ተሃድሶ ስንኩላን (CBRP) ኮም ሰረት ዝገበረ ስትራተጅን መትከላትን ብምውሳድ፡ ኣብ ስንክልናን ስንኩላንን ኣተኩሩ ክሰርሓሉ ጸኒሑ። እዚ ዝሰፍሐን ዓማሚ ኣተሓሕዛን ኣወዳድባን ንኽህልዎ ኣብ 2019 ዳግመ-ውደባ "ኮማዊ ሰረት ተሃድሶን ልምዓትን ስንኩላን፡ ኣረጋውያንን ካልኦት ጸገማትን" ተኻዩዱ ኣሎ። እዚ መደብ'ዚ፡ ኣብ መሓውር ምሕደራ ካብ ዝለዓለ ክሳብ ዝተሓተ ምምሕዳር ከባቢ ዝሰረተ ንኹሎም ቀንዲ ተዋሳእቲ ዝሓቖፈ ኮይኑ፡ ንብልጫታት ኮማዊ ሰረት ተሃድሶ ንምሕያል፡ ንዝጸንሐ ሃንፋትን ሕጽረታትን ንምምሕያሽ፡ ምድርራብን ምብጻሕን ሰብኣዊን ንዋታዊን ጸጋታትን ንምውጋድ፡ ወሃድን ስጡምን ኣሰራርሓ ምስ መሻርኽቲ ክውንኑ ብምሕያል፡ ስሉጥን ጽፉፍን ናይ ስራሕ ውጽኢታት ንምጭባጥ ዝዓለመ ኣሳታፊ ናይ ስራሕ ባይታ ዘጣጥሕ እዩ።

ካብ ቀንዲ ዕላማታት መደብ ኮማዊ ሰረት ተሃድሶ ልምዓትን (CBRD)፡

- ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ንምዕባይን ንቕሓት ንምብራኽን ጎስጓስ ምኪያድ፡
- ኣብ ኮም ዘሎ ጸጋታት፡ ንስንኩላን፡ ኣረጋውያንን ካልኦት ጸገማትን ምውዓል፡
- ጸገማት ኣብ ሃገር ንዘሎ ማዕረ-ዕድላት ተጠቀምቲ ንክኾኑ ባይታ ምጥጣሕ፡
- ንመሰላትን ማዕረ ዕድላትን ምጥባቕ
- ጸገማት ወገናት፡ ንተጻባይነት ወገድ ኣሉ፡ ሱታፌኦም ቀንዲ ማእከል ዕብየቶም ምዃኑ ብምእማን፡ ዕጥቂ ርእሰ-ምርኮሳ ብሓባርን ወሁድን ስራሕ ምኹስኳሱ፡

እዚ ኣገባብ'ዚ ኣብ'ቲ እወታዊ ክፋል ባህልና ዝሰረተ፡ ኑቲ መንግስትን ግንባርን ኣብ መትከል ማሕበራዊ ፍትሒ ምርኩስ ብምግባር፡ ንስንክልናን ሳዕቤናት ስንክልናን ንምቅላል ንሽግራት ደረጃ ብደረጃ ንምፍታሕን ዝኻኢድ ዓቢ ወፍርን ዝግበር ከቢድ ወጻኢታትን ዝድግፍ እዩ። ኮማዊ ሰረት ተሃድሶ እምበኣር ኣብ ላዕሊ ንዝተጠቕሱን ካልኦት ማሕበራዊ ሽግራት ንተሳታፍነትን ኣበርክቶን ሰድራቤትን መላእ ሕብረተሰብን ንክዕዝዘን ኮማዊ ንጥፈታት ኣብ ቅድሚት ብምስራዕን ኣብ ምክልኻልን ተሃድሶን ስንክልና ዘሐይልን ንምቅላልን ንምፍትሑን ዝኽእል ባይታ ንምጥጣሕን ዝኻኢድ ዕማም፡ ንማሕበራዊ ክብርታትና ዘተባብዕን ዘድርኽን ስጉሚ ምዃኑ ብግብሪ ተረጋጊጹ እዩ።

ብኣጠቓላሊ፡ ስንክልናን ካልኦት ማሕበራዊ ጸገማትን ምስ ስንክልናኻ ዝኸይድ፡ ወፈርካ ክትድምዖ እትኽእለሉ ዕዮ ብምልላይ፡ ብውልቂ ይኹን ጉጅለ ብምውፋር፡ ካብ ተጸባይነትን ምጽዋታን ሓራ ንምዃን ሓርኮትኮት ክትብልን ተረባሕቲ መደብ ኮማዊ ሰረት ተሃድሶ ልምዓትን (CBRD)፡ ንምዃን ምስ ሕብረተ-ሰብ ተወሃሂድካ ምንጣፍን ከም ዘድሊ ርእሰ-ግሉጽ እዩ። ማሕበራዊ ጸገማትን ንኹሉ ኣባል ሕብረተ-ሰብ ብማዕረ ዘገድስ ጉዳይ ብምዃኑ፡ ንምቕላሉን ምፍትሑን'ውን ኣካላውን መንፈሳውን ዕግበት ዝፈጥር ዕዮ እዩ።

ስለዚ፡ 3 ታሕሳስ እተዘኻኽረና እምበኣር፡ ምስ ስንክልና እንነብር ሰባት ጸገማትና፡ ብተሳታፍነትና ከም ዝፍታሕ ኣሚንና፡ ንሓድሕድና እናተመላላእና፡ ኑቲ ለበዋን ምሕጽንታን ዘይጽበ ትገሃ፡ ንቑሕን ሓቡሓቡን ዝኾነ ህዝቢ ከም ወትሩ ጸግዕን ጽላልን ብምግባር፡ ብትግሃት ክንጥፍን መሳብርና ክንልውጥን ዘይተሓለለ ቀጻሊ ተበላሕነትን ጻዕርን ክንካይድ ኢያ። ብመሻርኽቲ ኣካላት ንዝካይድዎ ዝጸንሑ ሓገዛትን ምትብባዕን እናንኣደኩ፡ ኣብ ቀጻሊ'ውን ደገፎም ብዝተዓጻጸፈ ዝተወሃሃደን መንገዲ ክዓቢ ኣዘኻኽር። መንግስቲ ከም ወትሩ ንዝኣተዎ መብጽዓ ማለት መሰረታዊ ድሌታት ናይ ህዝቢ ካብኡ ናብኡ ናይ ጸገማት ወገናት፡ እንተላይ ስንኩላን ንምቅላል ኣበርክቶኡ ንምዕዛዝ ክሰርሕ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ኣብ መውዳእታ ነዚ በዓል ዕዉት ንክኸውን ብኣላይነት ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ ዝጸዓርኩም ትካላት መንግስቲ፡ ግንባርን ማሕበራትን ኩሉኹም ኣዳለውቲ፡ ኣባላት ኮሚተ፡ ንሞያውያን፡ ሰነ-ጥበባውያን፡ ስፖርታውያን፡ ህዝቢ ተሳተፍቲ በዓል ብስም ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ልዑል ምስጋናይ ኣቕርብ።

*"ኩለንትናዊ ተሳትፎ ንኮማዊ ተሃድሶን ምዕባለን ስንኩላን!"*

*ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና!*

*ዓወት ንሓፋሽ!*

*ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን*
*3 ታሕሳስ 2019*




## መልሲ ሰዱኮ ቁ.15

| | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 7 | 3 | 5 | 8 | 9 | 1 | 4 | 6 | 2 |
| 8 | 9 | 4 | 6 | 2 | 3 | 1 | 5 | 7 |
| 6 | 2 | 1 | 4 | 7 | 5 | 8 | 9 | 3 |
| 3 | 6 | 2 | 5 | 1 | 4 | 7 | 8 | 9 |
| 4 | 7 | 8 | 2 | 3 | 9 | 6 | 1 | 5 |
| 1 | 5 | 9 | 7 | 6 | 8 | 3 | 2 | 4 |
| 5 | 4 | 6 | 9 | 8 | 7 | 2 | 3 | 1 |
| 2 | 1 | 7 | 3 | 5 | 6 | 9 | 4 | 8 |
| 9 | 8 | 3 | 1 | 4 | 2 | 5 | 7 | 6 |

ፊደል S ትመጽእ ፊደል ሀ ትመጽእ

ኣዳላዊ ሰለሙን ተኽለማርያም (ረዳ)

# መድረኽ ርእይቶ

ኣማረ ወልደኣብ

## ንሰናይ ዘድሊ ተርእዮ ኣብ ዕዳጋ - 'ዕዳጋ ሓሙስ'

ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ፡ ኣብ ፍቓዶ ጐደናታት ኣስመራ፡ ንበረት ዛሕ ኢሉ ክሻየጥ ንዕዙብ ነይርና ኢና። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ተግባራት፡ ንብዙሕ ግዜ ሽለል ተባሂሉ ከምዝጸበረ ኩላትና ንርእዮ ነይርና ኢና። ዝተፈላለዩ ዓይነታት ንበረት ሒዞካ ኣብ መንገዲ ተሸከርከርቲ ምውዓል፡ ኣብ ጽርግያታት ተጉዚርካ ምሽቃጥ ብመሰረቱ ጌጋ እዩ፡ ካብ ጥቕሙ ድማ ጉድኣቱ እዩ ዝዓቢ።

ኣብ ባይታ ተዘርጊሖ ዝሽየጥ ዝነበረ ኣስቤዛ ኣደዳ መርገጽትን ከልበትብትን ኮይኑ ይውዕል ስለዝነበረ፡ ኣብ ጥዕና ሕማቕ ሳዕቤን ከየምጽእ ዘሰግእ እዩ ነይሩ። ንተገዓዝቲ ይኹን ኑቶም ናይ ንግዲ ምልውዋጥ ዘካይዱ ጸቡቕ ከም ዘይኮነ ከኣ ብዙሓት ርእይቶ ሂቦሙሉ እዮም።

ኣብ'ቲ ኣብ ፍቓዶ ጎደናታት ኣስመራን መሸንገራጉራትን ዝግበር ዝነበረ ሽቓጥ፡ ካብይን ብኸመይን ከምዝመጽአ ዘይፍለጥ ንበረት ኣብ ዘይውሑስን ዘይሕጋውን ቦታታት ክዕደግን ክሽየጥን ከሎ ዘምጽኦ ሕማቕ ሳዕቤናት ብዙሕ እዩ።

ርእይቶ ህዝቢ ሰሚዒ ብምርካቡ ኸኣ ግብራዊ ስጉምቲ ተወሲዱ። እቲ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናበኣሰ ዝኸይድ ዝነበረ ተርእዮ፡ ኣብ'ዚ ዘለናዮ እዋን መፍትሒ ተገይሩሉ ኣሎ።

ርስሓት ክረአ ዝቡር እንተ ኾይኑ፡ ቡቦግዜኡ ክእለን ናይ ጽሬት ወፈራ ክግበረሉን እንተ ዘይተኻኢሉ፡ ንጥዕና ይኹን ንትርኢት ባህ ዘዩብል ክኸውን ተኻእሎ ኣሎ። ድሮ'ውን ቡቲ ታሕተዋይ ክፋል ናይ'ዚ ዕዳጋ፡ ርስሓት ተኾሚሩ ክረአ ጀሚሩ ኣሎ።

ብዛዕባ ጽሬት ከባቢ ክንዛረብ ከለና፡ ንዘምልከቶ ምምሕዳራዊ ኣካል ጥራይ ዝግደፍ ብዘይምኳኑ፡ ኑበሲ-ወከፍ ሱብ ከባቢኡ ከጽሪ ከም ዘለዎ ምንጋር ዘድልዩ ኣይኮነን። እቶም ኣብ'ዚ ናይ ዕዳጋ ቦታ ንበረት ዘርጊሖም ኣብ ምሽቃጥ ዝርከቡ ሰባት፡ ብዛዕባ ጽሬት ከባቢኦም ዘይምግዳሶም እውን ሓደ ካብ'ቶም ጕሓፍ ንኽእከብ ጠንቂ ኩይኖም ዘለዉ ምኽንያታት'ዩ። ኑቲ ቦታ ይሰርሑሉ ካብ ሃለዉ ኸኣ፡ ልክዕ ከም ናይ ስራሕ ቦታኦም ወሰዶም ክጽርዩዎን ኣድላዪ ዘበለ ናይ ክንክን ስራሕ ክገበሩሉን ይግባእ።

ኣብኡ ንመግቢ ዘገልግሉ ቀንጠመንጢ ከይተረፉ ዝሸየጡሉ ቦታ ብምዃኑ፡ እንተኾነ ንጥዕና ህዝቢ ኢሎም ጽሬት ከባቢኦም ክሕልዉ ክጠንቀቁ ምተገበአ፣ ብዓቢኡ ኸኣ ብዛዕባ ጥዕና ገዛእ-ንብሶም ምሓሰቡ። ቦታ እናጋዕዘዩ፡ ንበረቶም ዘርጊሖም ክሸጡሉ እናውዓሉ ከም ዘይናቶም ጠንጢኖሞ ክኸዱ ግን



ሃናንታ'ዩ።

እዚ ኩነታት ተኣልዩ ዕዳጋታት ኣብ ፍሉጥ ቦታኦም ኩይኖም ውሑስ ብዝኾነ መንገዲ ክካየድ ምርኣይ ድማ ባህ ዘዩብል ኣይኮነን። እንተኾነ ግን፡ ኣብ ሕጂ ዘሎ ዕዳጋ፡ ብሕልፊ ድማ ኣብ'ቲ ብእንዳ ኣፍራሰ ዝፍለጥ ቦታ ዕዳጋ፡ ኣብ መጻኢ ናብ ዝኸፍአ ደረጃ ከይድይብ ዘሰክፍ ተርእዮ ናይ ርስሓት ይቀላቐል ኣሎ። ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ምልውዋጥ ዕዳጋ፡ ናይ ወረቐት፡ ፕላስቲክን ቀንጠመንጢን ዘሎ ርስሓት፡ ቡቦግዜኡ ዘውሰኽ ዘሎ ኩይኑ፡ ካብ'ዚ ዘለዎ ንላዕሊ ከይተዋህለለን ንከባቢ ከይደወሃን ከሎ ክሕሰበሉ ይግባእ። እቲ ኣብ'ዚ መዳይ ዘሎጥፍ ምምሕዳራዊ ኣካል ከኣ ቀላሕታ ገይሩ፡ ብዕቱብ ምቁጽጻር ስርዓቱ ከትሕዞ ይግባእ እብል።

ዓሊ መሓመድ እድሪስ

ካብ ኣስመራ

## ክብሪ ቢራ ተሰነይ እንታይ'ዩ ምስጢሩ?




መንቀሲ ጽሑፈይ፡ ኣብ ከተማ ተሰነይ በራ ብዕጽፍጻፍ ዋጋ ክሽየጥ ስለዝተዓዘብኩ፡ ዓገብ ክብል'የ ደልየ። ኣብ'ታ ብመሰብ ኤርትራ እፍለጥ ከተማ ተሰነይ፡ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ምኽባር በራ ኪጋጥም ከአ ንረኣዩኡን ሰሚዒኡን ጸቡቕ ኣይኮነን። እሞ ድማ ብኣዝዩ ዝተጋነነ ዋጋ።

ሓቂ ንምዝራብ፡ በራ ኣብ ህይወትና መሰረታዊ ነገር ኣይኮነን። ብሓይሊ ኣጉዲዱ ስተ ዝብል ሕጊ'ውን የብልናን። ከም ኣካል መዘናግዒ ካብ መጽኣ ግና፡ ቡቲ ዝተፈቐደ ዋጋ ጥራይ እዩ ክሽየጥ ዘለዎ። ዝወጽኣ ሕጊ ብኣዱ ዋኒኑካ ክጡሓስ ድማ ኣይግባእን።

ኣብ ምሉእ ዞባ ጋሽ ባርካ ተንቀሳቒሰ ከም ዝተዓዘብክዎ፡ ንሓደ ጥርሙዝ በራ ልዕሊ 15 ናቕፋ ክሽየጥ ኣይረአኹን። ኣብ ከተማ ተሰነይ ግና፡ ዝበዝሓ ኣብያተ መስተ ንሓደ ጥርሙዝ በራ ክሳብ 30 ናቕፋ ክሽጣ ተዓዘብየን። መካፋፈሊ በራ ተሰነይ ንኣብያተ መስተ ብከቢ 10 ናቕፋ ከምዘሸጠለን እዩ ዝፍለጥ። እተን ኣብያተ መስተ ድማ ንዓማዊለን (ተገልገልተን) 15 ናቕፋ ክሽጣሉ ከምዘለወን ይሕበር እዩ። እሞ እቲ ሓቂ እዚ እናኾነ ደኣ ስለምንታይ ካብ ናቕፋ 20 ክሳብ ናቕፋ 30 ዝሸጥኦ ዘለዋ?

እዘን ኣብያተ መስተ እዚኣተን በራ ኣብ ዝዕደላሉ መዓልቲ፡ ደርሆ ጻሕቲራ ትረኽቦ ዕባራ ሸጣራ እየን ዝጥቀማ። ኑቲ ሰብ እናረኣዩ ዝተራገፈ በራ ንዘይምሻጥ "ሎሚ ስለዘተዓደልና ክብዝሕሎ ዕድል ኣይረኸብናን፡ ስለ'ዚ ውዑይ እዩ ዘሎ?" ብምባል ይምልሳ። ንጸባሒቱ ንዝመጽእ ተገልጋላይ፡ ቀንጣሮ ጠራሙዝ በራ ብ17 ናቕፋ ይሸጣሉ'ሞ፡ "ተውዒሉ" ይብላ። ድሕሪ ሰለስተ- ኣርባዕተ መዓልቲ እንተተመሊሶየን ግና ኑቲ ሓቢኣናኣ ዝቖየያ በራ ብዕጽፍጻፍ ዋጋ ኣኽቢረን ይሸጣኦ።

ስለምንታይ ደኣ ከቢሩ? ኢሉ ንዝሓትት ሰብ "ካብ ጸለም ዕዳጋ ብኽብሪ ስለዝገዛእናዮ" ብምባል፡ ብዘይሕንከት ይምልሳ። ካብ ዘይሕጋውያን ሸየጥቲ ምዕዳገን'ውን ብኸቢድ ዝሕትት ምኳኑ ተረሲዑ፡ ኣፈን መሊአን ከምኡ ክብላ እውን ዝግባእ ኣይነበረን። ብዕጽፍጻፍ ዋጋ ክሽየጥ ከሎ ድማ 'ተውዒሉ ውዑዩ' ዝበሃል ዘረባ ፈጺሙ የሎን። ከም ዓቕምኻን ከም ጁብኻን ትሰቲ።

ነዚ ኹሉ ዕንደራ ልጓም ዝገብረሉ ኣካል የሎን ደዩ? ዝብል ሕቶ ክለዓል ግድን እዩ። እዞም ኣካላት እዚኦቶም ሓሊዮምን በሊሖምን እንተዝሰርሑ፡ እዚ ሸጋር እዚ ንሓንቲ መዓልቲ'ውን ኣይምተራእየን ነይሩ። ንኹሉ ሕጊ ዝጡሓስ ዘበለ ብምዕሪ እንተተቐጽጺሩዎን እንተተቐጽዑዎን፡ ኣሽካዕላል ዝጻወት ሰብ ኣይምተረኽበን። ሓፋሽ ድማ ኣኸብ ጸብ ሰተዩ ምባሎም።

ሕጂ'ውን እቲ ሕቶ፡ ሕቶ ተቐጻጻሪት ምምሕዳር ከተማ ተሰነይ ስለዝኾነ፡ ዕቱብ ቁጽጽር ብምግባር፡ ነዚ ደረቱ ዝሓለፈ ሰሰዐን ምጥሓስ ሕግን መስመሩ ከትሕዞ እምሕጽን።

እቲ ዘይሕጋዊ ተግባር ምኳኑ እናፈለጠ ገንዘቡ ዝኸፍል ዘሎ ተገልጋሊ ድማ፡ ሕጊ ይጥሕስን የተባብዖምን ከምዘሎ ብምግንዛብ "ልዕሊ ዝተፈቐደ ዋጋ ኣይከፍልን እየ" ክብልን ግዜኡ ናብ ሕጊ ከቕርቦምን ኣለዎ። ሽዑ ኣእዳዉ ጠውዩ ክሳዱ ረጊኡ ዘኽፍሎ ኣካል ከምዘየሎ ክግንዘብ ይግባእ። ወይ'ውን "ንዓ ዝበን ሕጊ - ልዕሊ ዝተፈቐደ ዋጋ ክፈል!" ኢሉ ናብ ሕጊ ዝወስድ ኣካል ከምዘየሎ ይረዳእ። ኣብ ሕጊ እንተ ተማጺሐ ከኣ ሊላይ - ረቲዑ ይወጽእ። ብዘኾነ ሕጊ እንተኸቢሩ ንረብሓ ሓፋሽ ስለዝኾነ ሓፋሽ'ውን ኣትሪሩ ክሕልዎ ይግባእ።

ገብረእግዚኣብሄር ሕድራይ (ገሬ)

ተመሃሪ ደብሳ ተስፋሚካኤል ተኽለብርሃን (ተስፉት)

ካብ ተሰነይ

## ደበሳይ፡ ስም ይመርሕ . . .

ካብ ገጽ 6 ዝቐጸለ

ንጠለቡ ተቐቢሎም ምስኣም ሓቢሩ ክኸይድ ፈቒዱሉ። ድሕሪ ናይ ሰለስተ መዓልቲ ጉዕዞ ናብቲ ሓይሲቲ ተጋደልቲ ዝዕስሙሉ ዝነበሩ ማግራት በጽሐ። ድሕሪ ታዕሊም ደበሳይ ንእሹቶ ስለዝነበረ ናብ ተዋጋኢ ሰራዊት ክምደብ ኣይከኣለን። ናብ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ - ንሳሕል ተላኣኸ።

ካብ ወዲ 15 ዓመት ዝጸንሐ ምስ ምህሮ ኾነ ቤት-ትምህርቲ ክላለ ዕድል ዘይነበሮ ደበሳይ፡ እታ ብውግእ ጥራሕ ዝፈልጣ ሰውራ ዘይተጸበዮ መኣዲ ትምህርቲ ቀረበትሉ። ካብ መጀመርያ 1980 ክሳብ 1983 ኣብ ዓመት ክልተ ክፍሊ እናሰገረ ሓምሻይ ክፍሊ በጽሐ። ኣብ ልዕሊ ብሌንነ ትግረን ቋንቋ ትግርኛ መለኸ። ብ1983 ቤት ትምህርቲ ሰውራ ናብ ዘመተ ምጥፋእ መሃይምነት ክወፍሩ ከለው፡ ንሱ ንወተሃደራዊ ታዕሊም ናብ ዓራግ ተሰደደ።

ታዕሊም ተወዲኡ ምውዛዕ ምስ ኮነ፡ ከም ትምኒቱ ኣንጻር እቶም እናፈከረሎም ዝወጹ ጸላእቱ ጦር ሰራዊት ክዋጋእ ዕድል ኣይገበረን። ብኣንጻሩ ንኻልእ ጸላኢ "ድንቁርና" ክቃለስ'ዩ ናብ ዞባ ምዕራብ ዝተመደበ። ካብ 1983 ክሳብ 1993 ከኣ ኣብ ዝተፈላለያ ኣብያተ ትምህርቲ ማርያ ጸለም ካብ ተራ መምህር ክሳብ ርእሰ መምህር ኮይኑ ኣገልገለ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ደረጃ ትምህርቱ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ኣዕበየ። ድሕሪ ናጽነት ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ደዓሪትን ሓሸላን ከረን፡ ምክትል ዳይረክተርን ዳይረክተርን ኮይኑ ሰርሐ። ደበሳይ ኣብ ስራሕ ዝነበሮ ትግሃትን ሱዑምግባርን ቀጻሊ ዕብየት ክረክብ ሓጊዙዎ'ዩ። ኣብ 1999 ሱፐርቫይዘር ኣብያተ ትምህርቲ ንኣሰዛባ ሓጊዝ ኮነ። ኺ. ኺ. ሰርሑ ኣብ ማሕበራዊ ሂወቱ'ውን ብ1996 ምስ ፋጥና ጃብር ሓዳር መስረቱ ንቤት ኣዳዲ ፍንቶ ዳምግይ ተሰፉ ዘርኣሉ። ረድዋን፡ ምራድ፡ ኣዳይ፡ (ብስም ኣቦኡ) መርየም፡ (ብስም ኣደኡ) መካደን ዝተሰምዩ ደቂ ከኣ ፈረዩ።

ካብ ናጽነት ጀሚሩ ክሳብ 2012 ካብ ሻሙናይ ክሳብ ካልኣይ ዲግሪ (ማስተርስ) ተማሂሩ። ካብ 2004 ጀሚሩ ከኣ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣብ ክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ኮይኑ ኣብ ምምዕባል ካሪክለም ቋንቋ ብሌን ብትግሃት ሰርሐ። ክሳብ ሎሚ ድማ ብዙሓት መጽሓፍቲ ጽሒፉን ደጺሑፍን ኣሎ። (ሎሚ እታ ደበሳይ ትብል ስም ቤታ ኣብ ምጉባዙ ዝወሰደ ዓብዩ ተዓብሊላ ኢያ። ንሱ ግን ከም'ቲ ኣቦኡ ብህጊ ዝሰመዮ ንቤት ኣቦኡ ደቢሱ፡ ንሕብረተሰቡ ኣብ ምምሃር ከይሰልከየ ይሃጥፍ ኣሎ - መምህር ዓብዩ ኣዳዲ ፍንቶ። "ደበሳይ፡ ስም ይመርሕ ጥዋፍ የብርሃ።"

# ማህደር ጀጋኑ

ሺሃብ ኣርኣያ

## ናጽነት ኣፈወርቂ

## ካልኣይን ናይ መወዳእታን ክፋል

"ደም ናይቶም ጀጋኑ ግን ፈሰሱ ኣይተረፈን። ናይ ዘልኣለም ብርሃንዩ ኣምጺኡ" ብዝብል ቃላት ንዝበሰዩ ተጸናንዐ። ንሱ'ውን ናብ ወነኡ መለሰኩዎ።

"ብዘኾነቀዋሚይስርሒትምስፈሸለና ወርሒ ዝኸውን ኣብ ሩባ ወድጋን ኣዕሪፍና።" ክብል ዕላሉ ቀጸለለ። "ጠንቂ ናይቲ ፍሽለት እንታይ ምንባሩ ዓሚቕ ገምጋም ተኻዪዱሉ። ኾፈታ፡ እቲ ክብር ባህሊ ህዝባዊ ግንባር ናብ ዓወት ዘብጽሓና ቀዋሚይ ረጃሒ ምኻኑ ትፈልጢ ኢኺ?" ኢሉ ቀው ኢሉ ጠመተኒ። ንኽቐጽለለይ ተዛዊሽ ርእሰይ ብምንቕናቕ እወታዊ መልሲ ሃብኩዎ። "ኣብቲ ወግእ ዝተረኽየ ድኽመታት መኣረምታ ተገይሩሉ። ነታ ዝተዛለየት ቦጠሎኒ ካብ ኩለን ኣሃዱታት እተን ዝበለጸ ጋንታታት ተዋጺኣን ተዋህበኣ። ኣብቲ ዘዕረፍናሉ ዳርጋ ወርሒ ዝኸውን ግዜ ንዋጋይ መጥቃዕቲ ዘድልየና ኩሉ ምድላዋት ኣብ ምግባር ኢና ኣሕሊፍናዮ..." ምስ በለ ክኹልፎ ተገደድኩ።

"ኣብቲ ወግእ ዝተረኽየ ድኽመታት ክትብል ከለኻ እንታይ ማለትካ እዩ.... ናይ ሰባት ጌጋ.... ፍርሒ ወይ ክድዓት ማለት ድዩ?" ኢለ ሓተትክዎ... ብልክዕ ክፈልጥ ስለዝደለኹ።

"ኖኖ! ኩሉ ተጋዳላይ ኑቡሱ ቀቢጹ ስለዝኣተ ኣብ ጸገም ኣይኣተረን...። ፍርሒ ዝበሃል የለን... ክድዓት እውን ኣይነበረን... ናይ ዘይምውህሃድ፡ ዝተዋህበካ ዕማም ኣብቲ ልክዕ ግዜ ዘይምፍጻም፡ ብዘለ ማሰናኸሉት ምድንጓይ ዝዓይነቱ ቴክኒካዊ ጸገማት እዩ" ክም ሻላ'ዩ መላሰለይ።

"ቀሩብ ኣዥረለይ?"


"ዓቢ ምስጢር የብሉን... እቲ ጸገም ከምዚ ዝበለኺ ቴክኒካዊ እዩ። ከምኡ ይኹን'ምበር ዕቱብ ገምጋም ተገይሩሉ ክኣረም ነይሩዎ። ዕላማ እቲ ዞዩደናዮ መጥቃዕቲ ነቲ ግንባር ደምሲስና ነቲ ኣብ መዓስከር ጸላኢ ተኸዚኑ ዝነበረ ንብረትን ኣጽዋርን ምምንዛዕ እዩ ነይሩ። ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ከቢድ ክሳራ ኣውሪድና እኳ እንተኾንና፡ ዕላማና ግን ኣይወቃዕናን። እዚ ንኹሉ ተጋዳላይ ከውሓጦ ኣይከኣለን። ኣብቲ ዝተኻየደ ኣኼባታት ነድሪ ዘለዎ ርእይቶታት እዩ ዝቐርብ ነይሩ። እቲ መጥቃዕቲ ግድን ክድገም ኣለዎ... ንጸላኢ ሞራል ክንህቦ የብልናን... ሕነ ሰወኣትና ክንፈዲ ኣለና... ዝብል ተጐንፌ ርእይቶታት....." ኢሉ ቀሩብ ምስ ኣዕረፈ ወግዑ ቀጸለ።

"ከም ዝዘከርኪ ኣብ ወርሒ ኢና ዳግማይ ኣጥቂዕና። ሰዓት ኣርባዕተ ኣብሉ ይኸውን ካብ ሩባ ወድጋን ተበጊስና፡ ነዊሕ ተጓዒዝና ንጽባሒቱ ረፋድ ኣብቲ ዝተዋህበና ሽቶ በጺሕና... ጸላኢ ኣብ ታባ 4.1 ዝበሃል ቦታ ዓሪዱ ጸኒሑና። ኣጥቂዕና ደምሲስናዮ። ልክዕ ሰዓት ሓደ ይኸውን ንሩባ ኣሰራይ ቁሪጽና ንታባታት ኣሰራይ ተጸጋዕናዮ። ኾ ነቲ ታባ ክይቀረብናዮ ግን ካብ ቃሮራ ዝመጸ ሓይሊ ጸላኢ፡ ረሻሻትን ድሩዓት ማካይንን ሒዙ ኣብ ሩባ ኣሰራይ ከቘርጸና ፈተነ። ሽዑ ኣዝዩ ከቢድ ኩናት ኢና ኣካይድና። ኣሃዱና ጥራይ ክልተ ዙ-23 ዝዓይነቱ ከበድቲ ረሻሻት ማረኸ። ኣብ ቅድሚኣ ዝጸንሐ ጸላኢ ፋሕ ብትን ኣእትያትሉ። ብድሕሪ'ዚ ናብቲ ነዊሕ ተረተር ዘለዎ መዓግጢ ዝበሃል ጎቦ ገስገስና። ጸላኢ ኣብኡ ካልኣይ መከላኸሊ ዕርዲ ነቦ። ነቲ ታባ ንምሓዝ ምስ ጸላኢ ተቐዳደምና። ንሱ ናብ ደፍዓቱ ክኣቱ ክጽየ ከሎ ንሕና ኾ ኣብ ደፍዑ ከይበጽሐ ብዘይጸገም ደምሲስና ንመዓግጢ ተቘጻጸርናዮ... ጸላኢ ድማ ምዉታቱን ውጉኣቱን ዛሕዚሑ ህድማ ጥራይ ኮይኑ" ብምባል ብሓጎስ ክምስ በለ።

"ሽዑኸ" በቲ ዛንታ ተማሲጠ ንኸዕርፍ ግዜ ኣይሃብኩዎን።

"በቃ፡ ብቐልጢፍ ተወዳዲብና። ናይ እንዳ 44 ሳልሳይቲ ቦጦሎኒ... ናይ ጨዓይ ቦጦሎኒ እውን ብየማን መጺኣ ምሳና ተደሪባ ብክልተ ትኽል ማሰርዕ ብዙብዙብ ጉዕዞና ቀጺልና። ምሉእ መዓልቲ ክንከይድ ወዓልና ሓዲርና፡ ወጋሕታ ንደፍዓት ኣውጊት ንጸላኢ ብኩሊቱ ኣቲናዮ። ብየማንና ብጸጋምና ምስ ዝበሩ ኣሃዱታት ሰማርና ብርቱዕ ኩናት ኣካይድና። ጸላኢ ብወገኑ ዘለዎ ሓይሊ ኣኻኺቡ፡ ታንክታቱን ረሻሻቱን ኣገዲሙ፡ ንጽማን ገጹ ብምዃሓ ከኽብበና ፈቲኑ እዩ። ሽዑ ታንክታትናን ከበድ ብረትናን ዝፈጸሙዎ ጅግንነት መዳርግቲ የብሉን። ታንክታትና ሓሙሽተ ዝኾና ክንሰን ንብዙሓት ታንክታት ጸላኢ ኣምኪኸን ኂ-ጎንና እናኸዳ ንሞራልና ሰማይ ኣዕሪገንኦ። ሰራዊት ጸላኢ ዝመውት ሞይቱ ዝተረፈ ንጎልጎል ከራይ ገጹ ክሃድም እንከሎ...ንሕና ከኣ እግሪ እግሩ ሰዒብናዮ...ጉልጎል ከራይ ኣይኩሃንዶ ክትከዶ ከተማዕድዎ ዝሀሰዋ ሰጣሕ ምድረበዳዩ። ሽዑ ግን ኒሕ እምበር ኣእጋር ኣይኩናን ዝስጉማ ነይረን። ጸላኢ ኣብ ታባታት ከራይ ምስ በጽሐ ክከላኸል ፈቲኑ። ካብኡ ንባሕሪ ነዊሕ ኣይነበረን... ሓገዝ መራኽብ ኩናት ስለዝረኸበ ድማ ነኸሱ ተዋጊኡና። ካብ ባሕሪን መሬትን ደብዓብ ከበድ ብረት፡ ካብ ሰማይ ድማ ደብዓብ ነፈርቲ ጸዒቑና... መሬት ብላዕልን ብታሕትን ሓዊ ኮይና። ኣይሂ ዝኾነ ደብዓብ'ዩ... ተጋዳላይ ግን ጸኒዑ'ዩ" ምስ በለ ዘረባ ኣቋሪጹ ጠመተኒ። ተማሲጠ ከም ዝሰማዕኩ ምስ ኣረጋገጸ ከኣ ስምዒቱ ከይዘሓለ ቀጸለለይ።

"ናብ ታባታት ከራይ ምስ ቀረብና ኣሃዱና ብጥሜት፡ ጽምእን ድኻምን ክትሰሓፍ ቀሪባ ተረፊ። በዚ ድማ ሓንሳብ ክተዕርፍ ተኣዚዛ... መዓልቲ



# ወግዒ ዝወዓለ

ዝሓዘ ማካይንን ቦጣትን መጺኣናና ጥሜትና ዓንጊልና ጽምእና ኣርዊና። ሓደሽ ሓይሊ ናይ ወገኑ 3ይቲ ቦጦሎኒ ናይ እንዳ 58 መጺኣ ስለዝተክኣትና ንሕና ኣዕሪፍና ሓደርና። ምሉእ ለይቲ ግን ኩናት ክቐጽል ሓደሩ... ንጽባሒቱ ረፋድ ሰዓት ትሽዓተ ኣብሉ ይኸውን ኣብ መንካ እንዳ 44ን እንዳ 4ን ኣቲና ታባታት ከራይ ከዋቅዕ ዕማም ተዋሂቡና። ምስ'ተን ክዋግኣ ዝሓደራ ኣሃዱታት ተደሪብና። ኣብ ታባ ከራይ ዝዓረደ ጸላኢ ብምድምሳስ ከኣ እግሪ እግሩ እናኻዕና ክሳብ ገምገም ማርሳ ተኸቲልና ኩብኩብናዮ። ሕጂ ብኣፍካ ክትገልጾ ቀሊልዩ......" ብምባል ከኣ ኣብ ኣስተንትኖት ጠሓለ።

"ከምዚ ተዕልሊ ዘለኻ ሰለስተ መዓልቲን ለይቲን ብቐጻሊ ክትዋጋእ ኣዝዩ ከቢድ'ዩ። ኣብዚ ውግእ'ዚ ብዝሓ ውልቀ ተግባራት ናይ ሰባት ቀሩብ እንታይ ትዝክር? እዚ ውግእዚ ኣብ ሕልናኻ ብኸመይ ተሰኪዱ ይህሉ?" ተደኒቐየ ሓቲተዮ። ዝከኣል እንተ ዝኸውን ኣብ ጉድናታት ልቡ ኣትየ ነቲ ስእሊ ቀዲሐ ከውጽኦ ኣይምጸላእኩን።

"እዚኮ ሓቀኛ ታሪኽ'ዩ። በዓል እከለ ከምዚ ገይሮምኮ ምባልኩኺ። ኩናት ግን ብክኢላታት ተሃንዲሱ፡ ብሓፋሻ ዝዐየ ዓውዲ እዩ" ምስ በለ ርእሰይ ብምንቕናቕ "ሓቅኻ" በልክዎ። ኣነ'ውን ካብቲ ዘተሓዘ ስእሊ፡ ዛንታ ውልቀ ሰባት ክጸዊ ተጸገምኩ።

"ንኣብነት ሓደ ብጻይና ብጥይት ተሃሪሙ ርእሱ ተኸፊቱ ሓንጎሉ ተራእዩ። ሓኪም ብጠለኒና ብክሻፍ ጥምጥም ኣቢሉ ብቐልጢፍ ንምእካሉይ ሕክምና ሰዲዱዎ" ምስ በለ "እሞኸ ተሰዊኡ?" ክብል ኣመንጎኽዎ።

"ኣሎ እምበር... እቲ ዝገርመካ ክሳብ ሎሚ ኣሎ... ኣብ ኩናት ብዙሕ ዘደንጹ ነገራት ኢኻ ትርኢ..." ኢሉ ቀሩብ ኣተንፈሰ። ኣጠማምታኡ ካብ ቀንዲ ዕላለይ ኣላጊሰኪ ዝበለኒ ዝበረ'ዩ ዝመስል። ዕላሉ ክቐጽል ገደፍክዎ።

"ኣብቲ ገምገም ባሕሪ ምስ በጻሕና፡ ነቶም መህደሚ ዘይነበሮም ወተሃደራት ጸላኢ ብጨመተ ኣልቢጥም ኣጥፋእናሉም። ገሊኦም ወተሃደራት ተወቒዖም ኣብቲ ባሕሪ ክሞቱ እንከለዉ ገሊኦም ድማ ኢዶም እናልዓሉ ካብቲ ባሕሪ ብምውጻእ ኢዶም ይህቡ ነይሮም። በዚ ድማ ውቃው እዝዚ ምሉእ ብምሉእ ተደምሲሱ። ልክዕ ሰዓት ሓደን ፈረቓን ማርሳ ተኸሊዩ ተታሒዙ። እዚ ዘይበሃል ኣጽዋር ማሪኽና። ህዝባዊ ሰራዊትና ፍናኑ ዓሪጉ። ኣዛዚ ውቃው እዝ ዝበረ ጀነራል ሑሴን ኣሕመድ ግን ኣምሊጡና... ኣውቶብሲንዳ (ጎማ እግሪ ታንኪ) ተሰቒሉ፡ ብሰለስተ ኣርባዕተ ድሩዓት ማካይን ተዓጂቡ ገምገሙ-ገምገም ባሕሪ ንማርሳ ጉልቡብ ገጹ ሃዲሙ" ክድምድም ዝሓሰበ "ወይለይ ረሲዐልኪ ኢሉ ከርከር ኢሉ ሰሓቐ።" ኣነ'ውን ምሳኡ ግይጽ በልኩ.....

"ኣውጊት ዓባይ መዓስከር ጸላኢ'ያ ነይራ... ዳርጋ ከተማ'ያ"

"ከም በዓል ናቕፋ?"

"ኖኖ ኣይኮነትን። በዓል ናቕፋ። ኣፍዓበት ደኣ ኩናት'ዩ ደዊሩወን እምበር ዓበይቲ ከተማታት እንድየን። ኣውጊት ግን በርኻ ዝበረ ሰጣሕ ጉልጎል እዩ። ጸላኢ ምስ ዓስከረሉ ግን ዳርጋ ናብ ከተማ እዩ ተቐይሩ። ኣብኡ ብዙሕ ንብረት እዩ ጸኒሑና። ፒኢሲ ዝበሃል ወተሃደራዊ ድኳናት ጸኒሑና። ፓስታዶ ክትብሊ ሩዝ፡ ማልመላታዶ ክዓውንቲ፡ ዓበይቲን ንኣሽቱን ቴፓት እንታይ'ሞ ዘይጸንሐና። ኣቐዲምና ከስትሞታት ጸላኢ ጠጢቕና ኢና ንኸደን ኔርና። ሽዑ ግን ሓደሽቲ ኮስቲሞታት፡ ማልያታት፡ ሽጋራ ብጦታት፡ ክንደይ ወልፊ ዘይነበሮም ብጾትና'ኳ ሽዑ ተላሚዶም" ኢሉ ሰሓቐ።

"መስዋእትን ስንክልናን ዘሎ'ዩ... ኣብዚ ውግእ'ዚ ንፈትዎም ብጾት ከፊልና ኢና። ብዓወት ግን ዛዚምናዮ። ተልእኾና ፈጺምና ኣብ ደብዓት ተወዲዲብና። ስብ ጅዳ ክንመስል መዓት ክዳውንቲን ቀንጠመንጢን ጺዐርና ናብ ኣሃዱና ናብቲ ቀንዲ መዓስከርና ግንባር ናቕፋ ተመሊስና..." በለ'ሞ "ኣሃህ ከይረሰዕልኪ" ብስሓቕ ክርትም በለ።

"ኣብ ግንባር ናቕፋ ምስ ዝበጹ ብጾትና ምስ ተጸንበርና፡ 'ሰብ ኣውጊት ምስ'ተን ዝማረኽወን ቴፓት ደርፍታት ናይ ጸላኢ ኣምጺኦም፡ ባህላዊ ወራር የካይዱ ኣለዉ' ኢሎም ኾፎምና..." ምስ በለ ምስኡ ሰሓቕኩ። ኣይጸናሕኩን፡ "ሓቆም... ኣንጻር ጸላኢ'ም ደሞም እናኸሰሱ ደኣ ደርፊ ጸላኢ'የም ክሰምዑ" ክብል ተማጐትኩዎ።

ኣይመለሰለይን። ብበዅሁ ገጽ ዛንታኡ ዛዚሙ ኣደህቢኡ ቀየረ። ኣነ ሞሳ ንውዕሉ ስኢነሉ ብኣድናቖት ክጥምቶ ከለኹ፡ ንሱ ድማ ኣብ ወሸጡ ዝተዓቘረ ዝኸርታት ክዝንትወሉ ብምኽኣሉ እዩ መሰለ... ኣብ ገጹ ሓጉስ ዝዓሰሎ ወድ'ዚ የንጸባርቕ ነበረ።

ዘረባኡ ወዲኡ ናብታ ዝፈልሐት ቡን እናኣቋመተ፡ ኣቓልቦኡ ናብ ሓፍተይ ክመልስ ከሎ፡ ኣነ ከኣ ነቲ ሃየ ዝበል ዝበረ መጥርያ ዕጣን እናጠመትኩ፡ ሓወይ "ተልእኾና ፈጺምና" ንዝበሎ ቃል ከስተንትና ጀመርኩ። "ተልእኾና ዝበለንስ መን'ዩ ልኢኹዎም?...እዛ መሬት... ታሪኽ... ግዜ.... መን? ኣነኸ እንታይ ተልእኾ ኮን ይህልወኒ?" ብዝብል ሓሳብ ምስ ኑብሰይ ተሓታተትኩ። "ተልእኾይ ዝበልካዮስ መን'ዩ ልኢኹካ?" ኢለ ክሓቶ ተደናደኹ። ኣትኪለ'ውን ጠሚተክዎ። ንሱ ግን ካብ ምስትንታን ተገላጊሉ ደሮ ምስ ሓፍተይ ወግዒ ስድራቤት ጀሚሩ ነበረ። "መን ልኢኹዎ?" ብዙሕ ከይተጨነቕኩ "ፍቕሪ ሃገር" ዝብል መልሲ ሂቡ ናብ ዕላል ስድራቤት ተጸንበርኩ።

## መድሃኒት ጸረ - ባክተርያ፡ ብግቡእ ተጠቀመሉ እምበር ንኻልኦት ኣይተካፍሉ!

በዓል ሞያ ጥዕና፡ መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ ክእዝዘልካ እንከሎ፡ ነቲ ሕማም ንምፍዋስ ዘድሊ ዓቐን መድሃኒት ስለዝፈልጦ እዩ። ስለ'ዚ፡ ዝተኣዘዘልካ መድሃኒት ብምሉኡ፡ ሓንቲ እኳ ከየትረፍካ ብመሰረት ዝተዋህበካ ሓበሬታ ተጠቐመሉ። ንኣኻ ተባሂሉ ዝተኣዘዘ መድሃኒት፡ ንኻልእ ምስ እተካፍሎ ንኣኻ ኣይጠቅም፡ ነቲ ዝመቐልካዮ ኣይጠቅም፡ ብቐንዱ ድማ ኣብ ተጻወርቲ ጸረ-ባክተርያ መድሃኒት ሓደገኛ ተራ ትጻወት ምህላውካ ተገንዘብ፡ ካብ ከምዚ ዓይነት ተግባራት ተቖጠብ።

ወሃንቲ ጥሪት እውን፡ ንሓደ እንስሳ ተባሂሉ ብሓኪም እንስሳ ዝተኣዘዘ መድሃኒት ጸረ-ነፍሳት፡ ንኻልኦት እንስሳታት ከይመቓርሑ ኣይግባእን። ብመሰረት ትእዛዝ ሓኪም እንስሳ፡ መድሃኒት ብግቡእ ንእንስሳታት ንሃቡ።

ምውሓስ መጻኢ ፈዋስነት መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ - ሓላፍነት ኩልና እዩ!

ሓበራዊ መልእኽቲ ሚኒስትሪታት ጥዕናን ሕርሻን

# ደበሳይ፡ ስም ይመርሕ ጥዋፍ የብርህ

## ተዘክሮታት ዓብዱ ኣዳዪ

ነጸረኣብ ኣዛዚ

### ዝኽሪ ንታሪኻዊ ንቕሓት

*ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ገዛእቲ ኢትዮጵያ፡ “ዓሳ ንምጽናት ባሕሪ ምንጻፍ” ብዝብል እወጅ ፖሊሲ፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዘፈጸምዎ ግፍዒታትን ከቢድ በሰላኡን ታሪኹ ሰፊሕ እዩ። በዚ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ዝተፈጸመ ግፍዒታት፡ ኣሽሓት 50,000 ሰላማውያን ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ኣማኢት ዒድታት ነዲደን ዓድታታት ኣሽሓት ጥሪት ዝኺቓን ብዙሕ ንብረት ተዘሚቱን ዓንዩን። እቶም ብህይወት ዝተረፉ ግዳያት ድማ ከቢድ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ሕሰም ወረዶም።*

*ቅድሚ 49 ዓመታት፡ ኣብ ሕዳር 1970፡ ኣብ ዶናን በስክዲራን ዝተፈጸመ ህልቂት፡ ሓደ ካብ ገለሓ መርኣያታት ጭካነ ገዛእቲ ኢትዮጵያ እዩ። እዚ ዘሰቅቕ ጃምላዊ ህልቂት፡ ዝመጽእ ዓመት 50 ዓመቱ ክመልእ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ ኸኣ ብዘሳልስ መልክዕ ንምዝካሩ፡ ካብ ብሕጂ ምድላዋት ክግበር ምዝኽኻር ኣገዳሲ ይኸውን። ቀንዲ ጸልኢን ንምፍላጥ ዘይቀንስ ታሪኽ ከይርሳዕ ካብ ታሪኽ ንምምሃርን ታሪኽ ከይደገም ንቕሓት ብምፍጣር - ፍትሓዊ ሰላም ንምኽባር እምነቱ። ህልቂት ዶናን በስክዲራን ብ30 ሕዳርን 1 ታሕሳስን 1970 ዝተፈጸመ እዩ። ዝኽሪ ክልተ ግዳያትን ናይ ዒዲ ማሳሻኸርን ዜጋታት ነቕርበልኩም ኣሎና። ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ክፋላት፡ ሃንታ እንዳ ልጃም ሰምራ ኣቕሪብናልኩም - ሎሚ ድማ ናይ ሓደ ዜጋ ተዘክሮ፦*

ዓብዱ ኣዳዪ፡ ብ12 ሚያዝያ 1965 ካብ ኣቦኡ ኣዳዪ ፍቓክ ደርማሽን ኣዲኡ መርየም ፋይድ እድሪስን ኣብ በሰክዲራ ተወልደ። ኣቦኡ ኣዳዪ ፍቓክ ቅድሚ መርየም ሰለስተ ኣንስቲ ተመርዕዩ ሸውዓተ ደቂ እኳ እንተ ፈረየ፡ ብዘይካ ሰበት ጓሉ ካልኦት ኣንስቱን ደቁን ሓደ ድሕሪ ሓደ ካብዚ ዓለም ብሞት ተፈልዮም።

ኣዳዪ ካብ መርየም ንዓብዱ ምስ ወለደ፡ “ኣምላኽ ብዘሓለፈ ሕሰመይ ክውድኣለይ ደብሳይ በልዎ” በለ'ሞ ደብሳይ ሰመዮ። እግሪ ተኸሊ ምስ ኮነ፡ ኣብ ማእገሩ ተሰኪምዎ ክወፍርን ክኣቱን ጀመረ። ኣብ ኩሉ ንጥፈታቱ እውን ካብ ጎድኑ ከይፈለዮ፡ ኣዝዩ የሐንቅቖ ነበረ። መተኣኽታይን መቐጸልታ ሓረግ ወለዱይን ኢሉ ብውሽጡ ይሕበን። ደብሳይ/ዓብዱ ኣብ ዒድ ሓድሽ ጀሉብያ ተገዚኡሉ ምስ ኣቦኡ ብሓብር ክሰግዱ ናብ ጎልጎል ሕዳር ክኸዱ ከለው፡ ካብ ናይ ህጻንነቱ ምቅርቲ ጦብላሕታ እዩ።

ሓደ መዓልቲ ኣቦኡ ሓንጊሩዎ ካብ



ተጋዳላይ ዓብዱ ኣዳዪ (1983)

ግራት ንጉዲ ክኣቱ ከሎ፡ ኣብ ጎልጎል ሕዳር ማይ ክዘንብለን ዝምህለላ ኣንስቲ ተኣኪበን ጸንሕኦም። ኣብ ክረምቲ ዝናብ ክድንጉ ወይ ክውሕድ ከሎ ኣደታት በሰክዲራ ኣስላመን ክርስትያንን ተኣኪበን ጎልጎል ሕዳር ይወርዳሞ ብሓብር ጸሎተን ናይ ምዕራግ ልምዲ ኣለወን። ፍርቀን ጥጥቖ እናኣብለላ ፍርቀን ማይ ከም ዝዘረመ ኣምሲለን ዕርፌ ኣልዒለን ነዓ ሆኒ እናበላ ይሓርኡ።

*ዓምጥ ዝዕምጥ*
*ይኽር ጃር ሰዋ ናኽሰ*
*ኣንኻ ሰረመኒታ*
*ኣንኻ ከርተመኒታ*
*ይኽር ጃር እውረሰ*

*(ዎ ኣምላኸይ ማይ ኣምጽኣለይ፡ ኣነ ጠማዩ ኣነ ሓያኽ፡ ዝናብ ድማ ወዘ . . . ማለት እዩ)*

እተን ኣደታት ብጥበእን ዝሓልፍ ሰብኣይ ናይ ግድን ደው ኣቢለን ህያብ ከበርክት ኩሓትኦ እንተ ዘዐለ ኸኣ ክጋድድኦ ልሙድ ነበረ። ኣዳዪ ምስ ወዱ ምስ መጸን እተን ኣደታት ገለ ክህባን ሓተትኦ። ኣዳዪ ግን ንዓአን ዝጸቅዕ ህያብ ስለዘይሓዘ ክምሕርኦ ለመነ። ንሳተን ግን ንልመናኡ ዝሰምዓ እኳ ኣይኮናን። ብቕጽበት ተቓሊሰን ካብ ጅብኡ ክፍትሻ ተደናደና። ደብሳይ ኑቲ ዘፍቅሮ ወላዲኡ ሽሾ ኣንስቲ ዓትገኦ ምስ ረኣየ ብስንባደ ልቡ ተሰቒላ ነብዩ ቀዘሓሶኣ ብዝዝብል ፍርሒ ኣውያት ደርጉሖ። እተን ድራማ ዝኸርሓ ዝበራ ኣንስቲ ንብኽያቱ ቀልዓ ርእየን ንኣዳዪ ብቐጽበት ምሓርኦ። ኣዳዪ ከኣ ንወዱ እናማሰከ ሓመዱ ኒጊፉ ካብ መሬት ተንስኡ። ደብሳይ ነቡኡ ካብ መዋጥር ምድሓኑ ሓበን ተሰምዖ።

ደብሳይ ኣብ ግዜ ህልቂት በሰክዲራ (ሕዳር 1970) ወዲ ሓሙሽተ ዓመት'ዩ ነይሩ። ድሕሪኡ ዳርጋ ሓምሳ ዓመት ኮይኑ ኣሎ። ምስቲ ናይ ወዲ ሓሙሽተ ዓመት ተዘክሮኡን ድሕሪኡ ዝኣከቦ ሓበሬታ እናዛቶ እዩ ዘዘንትወ።

“ኩልና ብሓባር ኑቶም ወተሃደራት ክንቅበል ቀሩብ ከም ተጎዓዝና እዝክር። ምሳና ከኣ ክልተ ህያብ ዝኾና ላም ንኸንብሉብ ነይርና። ድሕሪ'ቲ ካብ ተጋደልቲ ዝተተኮሰ ድምጺ ምስማዖም እቶም ወተሃደራት ነተን ንምስራሓም ዝተዓለዋ ክልተ ኩበቲ ብጥይት ኣውደቐወን። ኑቶም ጀሆ ዝሓዙዎም መሳኪን ከኣ ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ገረብ ኣወዓልዎም። እቲ ሐኪዞም ዝበረ ሓለፊ ጉጅኦም ጽሒፉ ናብቲ ድሕሪኡ ዝበረ ዓቢ ሓለፊ ሰደደ። ግብረ መልሲ ምስ ረኸበ ከኣ መጀመርያ ንብምሉኡ ዓዲ ኣንደደ። ኑቶም ህዝቢ ከኣ እታ ኣፈራት ትመጽእ ኣላ'ሞ ከይትቕትለኩም ኣስላም ኣብ መስገድ ክርስትያን ከኣ ኣብ ገዛውቲ እተዉ ትብል ናይ ሓሶት ሜላ መዛዘሎም” ይብል ዓብዱ ኣዳዪ።

ከቢ. ሰዓት 4፡00 ድሕሪ ቀትሪ ድሕሪ'ቲ ጠየንኹም እተዉ ኣይፋል ብሓብር ኢና ንኣቱ ዝብል ዝርርብ ናብ መስገድ እቶ እቶ ምስ ኮነ ደብሳይ ኣድ ኣቡኡ ሐዚ ምስኦም ቀዳሞት ኣብ ጸጋማይ ኩርናዕ ናይቲ መስገድ ኣብ መንደቕ ዝተጸግዑ ነበሩ። ልኡኻት ጥፍኣት ብቐጸበት ሰርሖም ምስ ጀመሩ ከኣ ብዘይኻ'ታ ዱዓን ዕቡዳን (ጸሎትን ኣምልኾን) ካልእ ተሰምሂዐላ ዘይፈልጥ መስገድ ብጭጮ ጫዕታ ተናወጸት። ኣዳዪ መልኣከ ሞት ካብ ጎኑ ክምንጥል ምስ ረኣየ ንዑብኡ ኣይፈርሓሉን “ወደይ” ጥራሕ በሉ። ንዓብዱ ሰሊቡ ኸኣ ኣብ መንጎ ክልተ እግሩ ቀርቂሩ ርእሱ ከምዘድንን ጌሩ ሓቝፉዎ ኮፍ በሉ። “ኣነ ደኣ ቅድሚኻ ይመውት እምበር ሞትካስ ብዓይነይ ኣይርእን” ድማ በሉ። ብኞሚ ጸጋም ሰብት ክወድቑን ክትንስኡን ክያምዋን ክሕምሽሹን ደብሳይ ሓንቲ'ኳ ካብ ጸጉሪ ርእሱ'ውን ከይጎደለት ኣብ ውሑስ ቦታ ተዓቑረ። ኣቦኡ ኣብ ትሕቲ እግሩ ኣእትዩ እንተዘይቃቕሮ ብስንባደ ናብዚን ናብትን ክብል ከምቶም ኣደዳ ዓረር ዝኾኑ ብዙሓት ቀልዑ ምኾነ። ንኡብሰይ ከድሕን ዘይበለ ኣቦ ዝወረደ ናብኡ ክወርድ ንህይወቱ ኣብ ክንዲ ወዱ ኣሕሊፉ ሃቦ። ኣዳዪ እውን ብዘይካ እቲ ካብ መንደቕ ዝጠረ ኣብ ገጹን ርእሱን ዝዘረሞ ፍንጣል ኣእማን ዝጥቀስ ጉድኣት ከይወረዶ ደሓነ።

ደብሳይ ኑቲ ኣብ ግዜ ምውጻእ ዝበረ ብኽያት ዘኪሩ ቁሩብ ዝን ድሕሪ ምባል፡ “ንሕና ኣብ ጸግዒ ስለ ዝበርና ክንወጽእ ምስ በልና መርገጺ ሰኢንና ሬሳታት እናረገጽና ክንወጽእ ተገዲስና” ይብል'ሞ “ኣብ ማእከል ምስ በጻሕና ግን ኣደይ ኣብ መሬት ወዲቓ ረኺብናያ። ኣብ ጎና ከኣ እታ መቐረት ሕውትተ ዘፍለጠትኒ ክብርቲ ሓብተይ ርእሳ ተፈንቂሉ ነበረ። ኣቦይ ንዝክያ ሓብተይ ገለ ትንፋስ እንተለዋ ከረጋግጽ ብትሽትሻ ኣዱ ኣሕሊፉ ምስ ረኣየ ድሮ ሞይታስ ኣዱ ብደም ተዓሊሳ ወጸት።”

ደብሳይ ከኣ እዚ ኩሉ ክኸውን ከሎ ክሳብ ብህይወት ዘሎ ዘይርስዖ ክፉእ ስእሊ ኣብ ኣእምሮኡ ይወቅር ነበረ። ኣቦታ ህሞት ነዲኡን ንክልተ ኣሓቱን ናይ መጨረሽታ ግዜ ይፋነወን ከምዝነበረ መን'ሞ የርድኦ። ኣይበኸየን፡ ካብ ዓይኑ'ውን ንብዓት ኣየንቀወን፡ በቃ ተዓዚዱ ትም ጥራሕ በለ። ኣቦኡ ከምታ ብኢዱ ሐዚዎ ዝኣተወ ብኢዱ ወጠጡ ካብ ማእከል ሬሳታት ንደገ ኣውጽኦ። ምስተን ንፈርሐን ዝኸዳ ዝበራ ኣዴታት ኣማሊኡ ከኣ ኣቦኡ ተረፈ። ዓብዱን እተን ሕጂ ዘይዝክረን ኣዴታትን ብጸልማት ካብ ፈርሐን ተበጊሰን ሩባ ዓንሰባ ሰጊረን ብጽንፋእ ከረን ኣተዋ። ኣዳዪ ድሕሪ ሳልስቲ ኑቶም ምውታት ቀቢሮም ምስ ወድኡ ንከረን ናብ ገዛ እንዳ ከራር ከሊፋ ሳልሕ መጹ።

ከምቲ “ምውት ናትይ ዘይብል ግን ከኣ ናቱ ዘይገድፍ ዝበሃል” ኣዳዪ ፍቓክ ናይቶም ኣብ መስገድ ዝሞቱ ሰድራቤቱ ተሰኪሩ ክዝብር ወሰነ። ንወዲ ሓው. መሓመድ ሳልሕ ዓሩ መርደእ ሓው. እድሪስን ካልኦት ሰድራን ሰዲዱ ከኣ ኣብ ከረን ገዛ እንዳ ሸኸር ልጃጅ ንሓው. ወልዱ ፍቓክ፡ ንሰይቲ ሓው. ደሓብታ ደርማሽ (እናሞተት ማንታ ዝተገላገለት)፡ ንወዲ ሓው. እድሪስ ዓሩ ከምኡ'ውን ንየዕልቲ ቤቱ መርየም ፋይድ እድሪስን ኣተሲኪሩ ሓዘኑ ዓጸወ።

እንተኾነ ንኣዳዪ ድሕሪ ሞት ፍትውቲ በዓልቲ ቤቱ ህይወት ከበዶ። ኣጣ ወድን ጥዕና ተዋሐዶም። ብፍላይ ኣቦ ተደጋጋሚ ንሆስፒታል ምምልላስ ናተይ ኢሉ ተተሓሓዘ። ሕጅስ ተደበሰ ክበል ዚጋጠሞ ሓደጋ ንመንፈሱ ብፍጹም ደቓሶ፡ ዳግማይ ንኡሱ ኣጸናንዑ ናብ ንብር ክምለስ ከኣ ሓይሊ ሰኣነ። ሓዘን ጓሂን ተደራሪቡ ኣሳቱ ኣማህመኖ። ኪዳ መሓሪ (ወዲ ሓው. ንኣዳዪ) እናተኸናኸኖ ድማ ልዕሊ ወርሒ ኣብ ሆስፒታል ደቀሰ። ኣብ መጨረሽታ ሓንቲ መዓልቲ ኣብ እንዳ ከራር ከሊፋ ሳልሕ (ዓዲ ሓብብ) ከለዉ እቶም ኣብ ወሽጢ ገዛ ተኣኪቦም ዝበሩ ዓበይቲ ሰብኡት ንደብሳይ ጸዊዖም ኣእተውዎ'ሞ ንርእሲ ኣቦኡ ኣርእዩዎ። ደብሳይ ሬሳ ኣቦኡ ምስ ረኣየ ኣምሪሩ ጠየቐ፡ ንሶም'ውን ክቖብጽ ኢሎም'የም ከምኡ ዝገበሩ። ኣይጸንሑን ኑቲ ሬሳ ኣልዒሎም ክቕብርዎ ንደዓራት ወሰድዎ፡ በዚ ኸኣ ናይ መጨረሽታ ዝኽሪ ወለዱ ኣኽተመ።

ኣብ ወሽጢ ክልተ ዓመት ኣዴኡን ኣሕዋቱን ሰኢኑ ዘፍቅሮ ኣቦኡ'ውን ተደገመ። ዘኽቲሙ ከኣ ኣብ በሰክዲራ ምስ ሰድራቤት ኢብራሂም ዓብደላ ክቕመጥ ጀመረ። ህይወት ኑቲ ወዲ ሸውዓተ ዓመት ዝበረ ቆልዓ ብኸሉ ወገን ኣሸገሮ። ጥዑም ህይወትን ፍቕሪ ወለድን ከም ኣብ ሕልምኻ ጥራሕ ዝስተማቐር ዛንታ ኮነ። “ሓደ ግዜ ኑቶም ኣብ በሰክዲራ ሰድራና ዝሞቱና ናይ ክዳውንቲ ሓገዝ ተዋሂቡና፡ ንዓይ ከኣ ቆጽላይ ስረን ካምቻን በጺሑኒ ተኸዲነዮ። እንተኾነ ነተን ክዳውንቲ ኣብ ዝርኤኹለን ዘኽታምን ወጻዕን ምኽንያይ እናዘኻኸራ ጭንቀት ፈጢራለይ። ጭንቀት ምስ በዝሓኒ ከኣ ኣወጺኤ ደርቢኸወን፡ ነተን ዝተረቅዓ ናይ ቀደም ክዳይ ተኸዲነ ሰላም ረኺበ፡ ደጊመ'ውን ኣይለበስኩወንን” ይብል ዓብዱ ኣዳዪ።

ደብሳይ ዕድሚኡ ኣስታት 13 ምስ በጽሐ ብዘይባ ምጉዳል ክሰኣል ጀመረ። ንሱ ተጋደልቲ ማለት ካብቶም ኣብ መስገድ ዝረሸንዎም ወተሃደራት ብዕጽፍጻፍ ዝሕይሉ፡ ንቖልዓ ሰበይቲ ዘይፈትሱ ንጦር ሰራዊት ዝቖትሉ ጀጋኑ እዮም። ምስ እዞም ንቐትልቲ ሰድርኡ ክሽርክሹ ዝኽእሉ ምዑታት ምስላፍ ከኣ ናይ ወትሩ ሕልሙ ኮነ። ሓደ መዓልቲ ክጋደል ካብ ዓዲ ኾቕለ'ሞ ካብ ከይተሻዘ ተጋደልቲ ረኸበ። “ማንጃስ ንሸኻ ክትጋደል ኩንታል በለስ ምጻእ” በልዎ። ንሱ ኩንታል ሸውሃ በለስ ዝውዕእ እንተ ዝኸውን መታን ክጋደል ምብልዩ ነገሩ ግን በዮናይ ኣእጋር ኣሰጋጋር ኮይንዎ ትኽ ኢሉ ንዓዱ ተመልሰ። ከም እንደገና ኮንዶ ኾን ኢሉ ፈተነ። ከይሰለጦ ከኣ ተረፈ። ክረምቲ 1979 ዓብዱን ሓወቡኡ ኢብራሂም ዓብደላን ብሓባር ኮይኖም ይጽህዩ ነበሩ። ንደብሳይ ከኣ እታ ናይ ምጉዳል ወሑ ሽዑ'ውን ሃንደበት ኣብ ኣእምሮኡ መጺኣ ሃወጾቶ። “ኣቦ ማይ ሰትየ ክምለስ” በሎ። እቲ ካብ ደቁ ፈልዩ ዘይርእዮ ኢብራሂም ዓብደላ ከኣ “ሕራይ ዝወደይ” በሎ። ንሱ ግን ናብ ማይ ዘይኸደ ናብታ ተጋደልቲ ዝሓለፋላ ቀሪና መንገዲ ከይዱ ኑቶም ንፈርሐን ሓሊፎም ዝበሩ ተጋደልቲ ተጸንበሮም። ንኣቶም ዘይኾም ዝሓለፉ ኣገጣሚታት

ናብ 4ይ ገጽ ይቕጽል



መስጊድ በሰክዲራ -2019




- ገዛ ክሰርሑ እንተደልዮም፡ ን20 ዓመታት ወለድ ዘይክፈሎ ልቓሕ ይውሃቦም ነይሩ።

- ኣብቲ ሃገር ዋጋ ሊትሮ በንዚን 14 ሳንቲም ነይሩ።

- ምግቢ ብናጻ ይዕደል ነይሩ።

- ስራሕ ዘይብሉ ሰብ 750 ዩሮ ኣብ ወርሒ ይኽፈል ነይሩ።

- ኣብ ሆስፒታል እትሰርሕ ኣላዩት ሕሙማት ወርሓዊ ደሞዛ 1000 ዶላር ነይሩ።

- ሓራስ ኣብ ነፍሲወከፍ ዕሸላ፡ 7000 (ሸውዓት ሽሕ) ዶላር ትውሃብ ነይራ።

- ሓደስቲ ሰብ ሓዳር፡ ኣብ ርሻን ሓንቲ ክፋል ንኽገዝኡ 64,000.00 ዶላር ይውፈየሎም ነይሩ።

- ብሕታዊ ትካል ንዝጅምር ሰብ፡ መተባብዒ 20,000 ዶላር ይውሃብ ነይሩ።

ኩለን እዘን ሓቅታት ኣብ መዛዘሚኣን "ነይሩ" ዝብል ቃል ኣሎወን። ምኽንያቱ፡ ሎሚ እዚ ኹሉ ሓለፋታት የልቦን! እዚ ኹሉ ሓቅታት ወይ ሓበሬታ ብፍጹም ኣብ ማዕከናት ዜና መጺኡ ኣይፈልጥን። ብኣንጻሩ፡ እቲ ነዚ ኹሉ ሓለፋታት ዝሀብ ዝነበረ መራሒ፡ ኣብ ማዕከናት ዜና ከም ሓደ ጨቋኒ ህዝቡ ጥራይ ተገሊጹ። ኣብ መወዳእታ ድማ ብሓይሊ ምዕራብ ካብ ስልጣኑ ተኣልዩ - መራሒ ሊብያ ሙዓመር ኣል ቓዛፊ። እዚ ኣብ ላዕሊ እተገልጸ ሓቅታት፡ ኣምባሳደር ሩስያ ኣብ ሊብያ ዝነበረ፡ ቭላድሚር ቻሞቭ ከም ዝመስከሮ፡ ኣብ መጽሓፍ "ዘራእቲ ዕግርግር" ሰፊሩ ኣሎ።

ዕላልና ብዛዕባ ጽቡቕ ግብሪ ቓዛፊ ወይ ዕሽነት ህዝቢ ሊብያ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ጉዳዮም ባዕሎም ስለ ዘፈልጡዎ፡ ይጥዓሞም ኣይጥዓሞም ዝመስሎም ገይሮም ኣለዉ። ኣርእስትና ግና ብዛዕባ'ቲ ንሕና ከም ተዓዘብቲ ወይ ሰማዕቲ ብዛዕባ ሓደ ጉዳይ ዘውሃበና ሓበሬታ ማዕረ ክንደይ ጥምዙዝ ምዃኑ ንምርዳእ'ዩ።

"ሓበሬታ ሓይሊ'ዩ" ዝብል ሓረግ ካብ ምሕር ምድግጋሙ፡ ኣብዚ እዋን ኩሉ ሰብ ንምእካብ ሓበሬታ ዘይዓግብ ሸውሃት ወኒ ይርከብ። ሓበሬታ ሕጂ ኣይኮነን ሓይሊ ኾይኑ፥ ሰብ ፍጥር ካብ ዝብል ኣትሒዙ ብዘይ ሓበሬታ ነቢሩ ኣይፈልጥን። እቲ ዝያዳ ሓበሬታ ዘሎዎ፡ ዝያዳ ክምዕብል ከም ዝኽእል ካብዚ ዝሰዕብ ኣብነታት ንከታተል፥

ፈርዲናንድ ማጀላን'ኮ ንኽዛወር ወይ ንሀንጡይነት ጥራይ ኣይኮነን መርከብ ገይሩ ምስ ልዕሊ ሚእቲ ብጾቱ ዓበይቲ ውቅያኖሳት ሰንጢቑ ንምሉእ ዓለም ዘይሩዋ። እንታይ ደኣ ብቐንዱ ሓበሬታ ጸጋታት (ብፍላይ ድማ ዳህሳስ ቀመማት) ንምምእራር እዩ። ንዕኡ ዝተኸተሉ ዳህሰስቲ'ውን ቀንዲ ዕላማኦም ኣገደስቲ ጸጋታት ዓለም ንምድህሳስ እዩ ነይሩ። እዚ ተግባር ሎሚ ብዝተራቐቐ መገዲ ይቕጽል ኣሎ። ዓለም ፍጥር ካብ እትብል ግና ቅልስ ንጸጋታት ኣየቋረጸን ገና'ውን ኣይከቋርጽን እዩ።

እዚ ዘረድኣና ሓቂ እንተ ሃልዩ፡ መሰረት መብዛሕትኡ ግርጭታት ዓለም ውድድር ንምውናን ጸጋታት እዩ። ኣብ ዘኹነ ማዕከን ሓበሬታ ግና እዚ ሓቂ'ዚ ከምቲ ዝድለ ኣይግለጸልናን እዩ። ኣብ ገሊኡ ብጉልባብ ረድኤት፡ ኣብ ገሊኡ ብሰብኣዊ መሰል፡ ኣብ ገሊኡ ብጉልባብ ደርባዊን ቀቢላውን ግጭት ወዘተ. ተሸፊኑ ቁንጫል ሓበሬታ ይውሃበና።

ሽክስፒር ንስነ-ጽሑፍ ዓለም መሰረት ከም ዝኾኖን ቅድሚኡን ድሕሪኡን ድማ ማዕሪኡ ሰብ ከም ዘይተፈጥረ ንዓመታት ዝተመሃርናዮ "ሓቂ" እዩ። ሎሚ፡ ኣብ ግብጽን ቻይናን ምናልባት'ውን ኣብ ካልእ ክፋል ዓለም ዝነበረ ሓይሊ ስነ-ጥበብ ልዕሊ እንግሊዛውያን'ዩ እንተ ኢልካ፡ መን ክሰምዓካ ይኽእል!? ምኽንያቱ፡ ንሕና ብመጻሕፍቶም ንመሃር፡

## ሓሳባት

# ዘየድልየና ክንእክብ ዘድልዮም ይእክቡ!

ኤርምያስ ሰሎሞን



ብማዕከናት ዜናኦም ንቓኑ፡ ታሪኾም ከም ፓፓጋሎ ንደግም ወዘተ.

እቲ ዝብሃለና፥

"ኣመሪካ፡ ሩሲያ፡ ቻይና ወዘተ. ኣብ ጠፈር ወይ ወርሒ ዳህሳስ ንምግባር መንኮርኮር ወንጪፈን።" እዚ ብቐጻሊ ኣብ ማዕከናት ዜና እንከታተሎ ሓበሬታ እዩ።

ንምንታይ ዕላማ ወንጪፈን፡ ብጭቡጥከ እንታይ ሓበሬታ እየን ክድህስሳ ደልየን? ዛጊት ኣብዚ ዓውዲ ተመዝጊቡ ዘሎ ዓወታትከ እንታይ ይመስል? እቲ ዝእኩብ ዘሎ ሓበሬታ ኣብ መወዳእታ ንምንታይ'ዩ ክጠቕመን? ወዘተ. ዝብሉ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ግና ፈጺሙ ተሓቢሩና ኣይፈልጥን'ዩ፥ ኣይክሕበረናን እውን'ዩ። ምኽንያቱ ክንፈልጦ ስለ ዘይድለ!

"መስርሕ ፖለቲካ ዓለም ዝኾነ ሰብ ክርድኦ ይኽእልዶ? ካብ ቴለቪዥን ክርድኦ ዝጽበ፡ ለዋህ ጥራይ'ዩ! ብቴለቪዝን ዝቐርብ ፍጻመታት፡ ሃንደበታዊ፡ ኣብ ረርእሲ ዝተጸፋጸፍን ስነ-መጎት ዘይብሉን እዩ። ዕምቈት ኩነ ዕቱብ መግለጺ ዘየሰንዮ መሰንበዲ ስእልታትን ጸብጻባትን፡ ስምዒት ዘቕስቕስ፡ ናይ ምትንታን ዓቕሚ ግና ዘልምስ እዩ …" እዚ ካብ መጽሓፍ "ዘራእቲ ዕግርግር" እተወስደ ሕጡብ ጽሑፍ እዩ።

እዚ ንኣገዳስነት ማዕከናት ዜና ንምንእኣስ ኣይኮነን ተባሂሉ። እንታይ ደኣ፡ ቅኑዕ ሓበሬታ ንምርካብ ኪንዮ ማዕከናት ዜና ምኻድ ከም ዘድሊ ንምዝኽኻር እዩ።

ኣዝዮም ብዙሓት ማዕከናት ሓበሬታን ዜናን፡ ሓበሬታ ንኽህቡና ዘይኮኑ፡ ብዕላማ ሓበሬታ ንምጥምዛዝ ዝቘሙ እዮም። ድምጻም ኣመና ሓያል ብምዃኑ ድማ ዋላ ነቲ ባዕልና ዘረኣናዮን ኣጸቢቕና እንፈልጦም ሓበሬታ ንኽልውጥዎ ወትሩ ህርድግ ምስ በሉ እዮም።

ዘየድልየካ ኣሉታዊ ሓበሬታ ምእካብ፡-

ኣብዚ እዋን፡ ብዙሕ ሰብ ዕላሉ ተመሳሳሊ እናኾነ ይኸይድ ኣሎ። ግዜን ሰብን ብዘምጽኦ ኩነታት፡ ናይ ሓባር ሽግር ይህልወካ'ሞ፡ ብሓባር ኴንካ ንኽተዕልል (ንኽተማርር ምባል ይሓይሽ) ይቕሰበካ። ከምኡ ምግባር ባህርያዊ እዩ፥ ምኽንያቱ ንኽትተፍንስ ስለ ዝሕግዘ። ግና ንግዚኡ እምበር ንነዊሕ እዋን ዝኸይድ እንተ ኾይኑ ፋይዳኡ ውድቀት ጥራይ'ዩ። ብሓባር ኴንካ 'ምኒን' ምባል፡ ሽግርካ ዘብእስ እምበር ፍታሕ ዘምጽእ ኣይኮነን። እቲ ኣመና ዘሕዝን ድማ ብኽልቲኡ ወገን ዝመጽእ ዕላል ፍታሕ ዘምጽእ ዘይኮነስ፡ ንሽግርካ ሽግር ዘውሰኽን መመሊስካ ሞራልካ ዘውድቕን እንተ ኾይኑ እዩ። ካብ ዝኾነ ዕላል ወይ ዘተ ክንከሰብ ጥራይ'ዩ ዝግባእ። ሰሓቕ መኽሰብ'ዩ፤ ኢሂን-ምሂን ምባል መኽሰብ'ዩ። ካብኡ ወጻኢ፡ ሓደ ወገን 'ግናይ' ወረ ሒዙ ይመጽእ'ሞ፡ እቲ ኻልእ ድማ 'ዝገነየ' ሓበሬታ የምጽእ፥ ከይተረድኦም ውድድር ንውድቀተ-ሞራል ይጻወቱ።

ካልእ ዓይነት እካበ ሓበሬታ ድማ ዋላ'ኳ ንምምራር ዝዕድም ኣይኹን፡ ንምጉዳም ኣእምሮ ግና ሓያል ተራ ይጻወት። ንኣብነት፡-

ሓደ ግጥም ጸወታ ኩዕሶ ድዩ ካልእ ዓይነት ስፖርት ምዕዛብ፡ ከም ምዝንጋዕ ስለ ዝሕሰብ ከከም ዝንባለኻ ኣገዳሲ'ዩ። ካብ ቅድሚ'ቲ ጸወታ ኣትሒዝካ ሓበሬታ ንምእካብ ዝግበር ሕጊግታን ሻቕሎትን፡ ከምኡ'ውን ድሕሪ ግጥም ዝግበር ንነዊሕ እዋን ዝኸይድ ትንተናታት፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ኣብ ውልቃዊ ህይወት ተጻወትቲ ኣቲኻ ዝግበር ሃተፍተፍን ግና 'ሞያኻ' እንተዘይኮኑ፡ ዋላ ሓንቲ'ኳ ኣይጠቕመካን'ዩ። ምኽንያቱ፡ እዚ ኣብ ሕልሚ ካብ ምንባር ብምንታይ ክፍለ ይኽእል?

ብዝኾነ መደምደምታ ዕላልና፡ እቲ ኩነ ኢልና ዴና ብኣጋጣሚ እንምእርሮ ሓበሬታ ኣብ ህይወትና እንታይ እዩ ዝጠቕመና ኢልና ክንሓስበሉ ንምዝኽኻር ኢና እዚ ኣርእስቲ ኣልዒልናዮ። ምኽንያቱ፡ ኣብ መወዳእታ ሰብ ብሞያ እዩ ዝነብር። ብቐጥታ ሞያኡ ንምዕባይ ዘገልግሎ ሓበሬታ ክእክብ ድማ ግቡእ'ዩ። ኣብ ኩሉ ጉዳይ ደንቆሮ ምዃን ጽቡቕ ስለ ዘይኮነ፡ ላህመታዊ ወይ 'ምስ ሰብ መሓወሲ' ዝኾኑካ ሓበሬታ ምናልባት ቁሩብ-ቁራቦ ጥቕሚ ይህልዎ ይኸውን፥ ካብ ሰብካ'ኳ ኣይትንጸልን። ካብኡ ሓሊፍካ፡ ኣብ ዘይሞያኻ ኣቲኻ እትእክቦ ማእለያ ዘይብሉ ቀንጠ-መንጢ ይኹን ዋላ ኣመና ኣገዳሲ ሓበሬታ ግና ክሳራ እዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ነዚ ሓበሬታ ንምእካብ ዘጥፋእካዮ ግዜን ጸዓትን፡ ሞያኻ ንምዕባይ ተጠቒምካሉ እንተ ትኸውን ማዕረ ክንደይ ክትዓቢ ከም እትኽእል ምፍላጥ ከድልየካ እዩ።

ሕጂ'ውን ይኹን ነዛ ጽሕፍቲ ንምንባብ ኣብዛ መስመር በጺሕካ ኣለኻ። እዚ ተንብቦ ዘለኻ ሓሳባት 'ኣይጠቕመንን'ዩ' ኢልካ እንተ ኣሚንካ፡ ነዛ መጽሔት ዓጺፍካ ጠንጥና! ዘይጠቕመካ ጽሑፍ ደኣ እንታይ ክትዓብሰልካ።

ብፍላይ ሎሚ ከም ንፍዮ ክወጽኣልና ዝግባእ ወልፊ ማሕበራዊ መራኸቢታት (ሶሻል ሚድያ) መጺኡና ኣሎ። ኣብቲ ምዕቡል ዓለም ን'ስራሕ' እምበር፡ ንወረ ዝኸውን ግዜ ኣመና ውሑድ'ዩ። ድላይና ምኽንያት ነምጽእ ድማ፡ እቲ እንኮ ክንምዕብለሉን ካብ ቀይዲ ናይቶም ኣእምሮና ሓዩሮም ብመደብ ክይንምዕብል ዝዓግቱና ዘለዉ ሓይልታት ክወጽኣናን ዝኽእል እንኮ ፍታሕ፡ ግዜና ኣብ ዕብየት ኑብስና ምውዓል ጥራይ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ንሳቶም ዘድልዮም ሓበሬታ እናኣከቡ፡ ንዓና ድማ ጕሓፍ ዝኾነ ሓበሬታ ካብ ምዕዳል ደው ኣይክብሉን እዮም።

## ሕብረተሰብ

# ንዓለም፡ ካብ 3ይ ኩናት ዓለም ዘድሓነ ሰብኣይ

ኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲ ዕቋር)

ነፋሪት መንገዲ ኣየር ኮርያ 007 ብሓይልታት ሶቬት ሕብረት ተወቒዓ ምስ ወደቐት፡ ድሕሪ ሰለስተ ሰሙን ኣብ መስከረም 26፡ 1983 እዩ። ሌተናል ኮሎኔል ስታንሲልቫ የቭግሮፎቪች ፐትሮቭ ንናይ ኒኩሌሳዊ መጥቃዕቲ ቅድመ መጠንቀቕታ ዝሁብ ማእከል፡ ከም ኣዛዚ ኾይኑ ዝተመደበ። እዚ ኦኮ ማእከል መጠንቀቒ ቅድመ መጥቃዕቲ ኒኩሌስ ዝተባህለ፡ ሓደ መርኣያ ስግኣት ናይ ኒኩለሳዊ ኩናት ኣብ ግዜ ዝሑል ኩናት'ዩ። ኣብ'ዛ ዕለት 26 መስከረም ድማ'ዩ እቲ ንፐትሮቭን ዓለምን ኣሰጋኢ ዝኾነ ኩነታት ዝተኸስተ። እቲ ቅድመ መጥቃዕቲ መጠንቀቕታ ዝሁብ ማእከል፡ "ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ሓሙሽተ ኒኩለሳዊ ሚሳኢላት ንሶቬት ከጥቅዓ ይመጽእ ኣሎ፡" ብምባል ኣላርም ወቕዐ። እዚ ሓበሬታ ፐትሮቭ ናብ ላዕለወት ኣዘዝቲ ሕብረት ሶቬት ከብጽሖ ኣለዎ። ንሳቶም ድማ ሓበሬትኡ ምርኩስ ጌሮም፡ ንድሕነት ሶቬት ኒኩለስ ናብ ኣሜሪካን መሓዙታ ኣባላት ኔቶን ክትኩስ ይእዝዙ። እንተኾነ ፔትሮቭ ዝኾነ ሓበሬታ ከይሃበ ሰቕ በለ። ኣብቲ ማእከል ዝነበሩ ወተሃደራት ተዋጠሩ። ሃገሮም ብኒኩለር ግምጥልጥል ክትብል ተርኣየቶም። ፐትሮቭ መልእኽቲ ከመሓላልፍ ረበሸዎ። ንሱ ግን ዝኾነ ግብረ መልሲ ከይሃበ ሰቕ በለ። ምስ ምቕራብ እቲ ኒኩለር እቲ ወጥሪ እናኸረረ መጽአ። ገለ ነገር ክገብር ደጋጊሞም ተማሕጸንዎ። መልሲ ፐትሮቭ ግን ሰቕ ኩነ። እቲ ኮምፕዩተራት ናይ ቀረበ ጻውዒት ደጋጊሙ ኣጋውሐ። ስቕታ ፐትሮቭ ዓቕሎም ዘጽበበሎም ወተሃደራት፡ ብብቕዓት ፐትሮቭ ተጠራጠሩ።

ፐትሮቭ ኣብ ካልኣይ ኩናት ኣብራሪ ናይ ኩናት ነፋሪት ካብ ዝነበረ ኣቡኡን ናይ ነርስ ሞያ ዝነበራ ኣዲኡን ብ7 መስከረም 1939 ተወሊዱ። ካብ ኮለጅ ሓይሊ ኣየር




ሕብረት ሶቬት ድሕሪ ምምራቑ፡ ብ1972 ናብ ምክልኻል ኣየር ሶቬት ተጸንበረ። ኣብ መጀመርታ ሰብዓታት ድማ ካብ ኣባላት ኔቶ ንዝፍኖ ናይ ባላስቲክ መጥቃዕቲ ቅድመ መጠንቀቕታ ኣብ ዝሁብ መቈጻጸሪ ማእከል ተመደበ።

ከም'ዚ ዝበለ ብቕዓት ሒዙ'ዩ እምብኣር ኣብ ማእከል መጠንቀቒ ቅድመ መጥቃዕቲ ኒኩሌስ ዝተመደበ። ኣላርም ኒኩሌስ መጺ መጺ ብምባል ጭጬ በለ። ብምሉኦም ኣባላት ትንፋሶም ኣብ ኢዶም ጨቢጦም ተቐለው። ፔትሮቭ፡ ዘመሓላልፎ ሓበሬታ ንዓለምና ናብቲ ሓደገኛን ኣፍራሕን ናይ ኒኩለስ ኩናት ማለት 3ይ ኩናት ዓለም ዘእትዋ'ዩ። ፐትሮቭ፡ ኣብ ቃራና መንገዲ ቀመ። ንኣዘዝቱ ነጊሩ ንምልእቲ ዓለም ናብ ዘጥፍእ ኩናት ዶ? ወይስ እታ ዘፍቅራን ህይወቱ ክውፍየላ ድልው ዝኾነ ሃገሩ ሶቬት እናተደምሰሰት ሰቕ ኢሉ ክርኢ? ግዜ እናወሰኸ፡ እቲ ኒኩሌስ እናቐረበ፡ ስቕታ ዝመረጸ ፐትሮቭ ድማ ዝኸውን ንኽዕዘብ ተፋጠጥ ኩነ። እቶም ኣባላት ገለ ነገር ክገብር ደጋጊሞም ለመንዎ። መልሱ ግን ኣይተቐየረን። ፐትሮቭ ወሰነ። ወተሃደራዊ ፕሮቶኮል ሕብረት ሶቬት ብምጥሓስ ናብ ላዕለወት ኣዘዝቲ ከየመሓላለፈ ሰቕ ኩብል። እቶም ኣብቲ ማእከል ዝነበሩ ኣባላት ድማ ከም ክሕደት ሃገር ብምቑጻር ከዓብዎ። እቲ ዝኸውን ንምዕዛብ ድማ ውጡር ትጽቢት ነገሰ። እቲ ካብ ኣሜሪካ ዝተሰደ መጥቃዕቲ ናብ ሕብረት ሶቬት ዝበጽሓሉ ግዜ ኣኸለ። እቶም ነቲ ቅደመ መጥቃዕቲ ፈሊጦም ዝጸንሑ ኣባላት ዕንወት ሃገሮም ምስማዕ ናይ ሞት ሞት ኮይኑ ተሰመዖም። እቲ ኒኩሌስ ሶቬት ከም ዘበጽሐ ሳተላይት ሓበረ። ንኹሎም ዘገረመ ግን ዝኾነ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ሶቬት ኣይወረደን። እቲ ኒኩለር ናበይ ኣበለ ኣብ ርእሲ ኹሎም ዝነበረ ሕቶ ኾነ። ነቲ ኹነታት ምስ ኣጽንዕዎ እታ ኣላርም ብጌጋ ዝተፈጥረ እምበር ዝኾነ ኒኩሌስ ከም ዘይተተኩሰ በርሃሎም። ብምልኦም ኣባላት ኣብ ክልተ ስምዒት ተቐርቀሩ። ሃገሮም ብዘይምጥቕዓን ፐትሮቭ ተሃንዲዱ ስጉምቲ ብዘይምውሳዱ ንዓለም ካብ 3ይ ኩናት ዓለም ምድሓኑን ሓጐስ ክፈጥረሎም ከሎ፡ ወተሃደራዊ መምርሒ ብዘይ ምፍጻሙ ድማ ኣጒሃዮም። ናይ ፐትሮቭ ተግባር ኣብ 1998 "ፖልቲንሱቭ ሚሞሪ" ንሕትመት ምስ በቕዐት'ዩ ቀልቢ ማዕከናት ዜና ስሒቡ ዓለማዊ ዛንታ ክኸውን ዝበቕዐ።

ንዓለም ካብ ኣሰካሕካሒ ዕንወት ከም ዘድሓና ምስ ተጋወሐ፡ ውዕለቱ ኣፍልጦ ንምሃብ ብ21 ግንቦት 2004 ሽልማት ዓለማዊ ዜግነትን ሓደ ሽሕ ዶላርን ዋንጫን ዓተረ። በዚ ከይተሓጸረ ብ17 ለካቲት 2013 25000 ዩረን ደረስን ሽልማት ሰላምን ኣብ ጀርመን ዓቲሩ። ነቲ ኣብ መስከረም 1983 ዘጋጠመ ታሪኽ እትጸዊ ንኽብሩ ዶክመንታሪ ፊልም ክትዕየ በቒዓ።

እዚ ካብ ናይ ኒኩሌሳዊ ግጥም 3ይ ኩናት ዓለም ንዓለም ዘድሓና ሰብኣይ፡ ኣቦ ሓደ ወደን ሓንቲ ጓልን እዩ። ፐትሮቭ ነታ ካብ ኣሰካሕካሒ ዕንወት ዘድሓና ዓለም ግንቦት 19፡ 2017 ኣብ 77 ዕድሚኡ ብኽብሪ ተሳነበታ። ስሙ ድማ "መድሕን ካብ 3ይ ኩናት ዓለም" ኰይኑ ንዘልኣለም ተሰኒዱ ይርከብ።




ሱሌማን ኣሕመድ

# ክሊማዊ ለውጢን ምንቁልቋል ሕርሻዊ ምህርቲን



ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ምህርቲ መግቢ ዘርእዮ ዘሎ ናይ ምንቁልቋል ጽልዋ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ይኸይድ ብምህላው፡ ኣብ 2100 ኣብ ዓለም ከቢድ ናይ መግቢ ሕጽረት ክኸጋጥም ስክፍታታት ከም ዘሎ ክኢላታት የዘኻኽሩ።

9 ካብ 10 ሰባት ኣብ ሕርሻ ዝርከብ ምህርቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ የንቆልቍለን ኣብ ዘሎ ሃገራት ከም ዝነብሩ ዝገለጸ እቲ መጽናዕቲ፡ ኣብ መውዳእታ ዓመት ናይዚ ክፍለ ዘመን እቲ ጸገም ናብ ዝበኣሰ ኣንፈቱ ክምርሕ ከም ዝኽእል ኣጠንቂቑ።

እቲ መጽናዕቲ፡ 'ፒ. ኤስ. ኤል.' (PSL) ብዝተባህለ ኣብ ከተማ ፓሪስ - ፈረንሳ ብዝመደበሩ ናይ መጽናዕቲ ማእከል እዩ ተኻዪዱ።

'ፒ. ኤስ. ኤል.'፡ ኑቲ መጽናዕቲ ኣብ ናይ ሕርሻ ምህርትን ካብ ባሕሪ ዝርከብ መግብታትን ነጺሉ ብምርኣይ ከም ዘቀየደ የመልክት።

'ፒ. ኤስ. ኤል.'፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ዝርአ ዘሎ ምውሳኽ ብዝሒ ህዝቢ ኣንፈት ብምግባር፡ ኣብ 2100 ዝርግሐ ብዝሒ ህዝቢ ብደረጃ ኣህጉርን ሃገራትን ከመይ ከም ዝመስል ብምምልካት፡ ኣብ ዝበኣሰ ክሊማዊ ቅልውላው 90 ሚኢታዊት ካብ ጠቕላላ ብዝሒ ህዝቢ ዓለም ካብ መሬትን ባሕርን ትሓት ምህርቲ ኣብ ዝረኽብ ሃገራት ክነብሩ ከም ዝኽእሉ ኣጠንቂቑ። ኣብዚ ተጠቒሱ ዘሎ መውዳእታ ዓመታት ናይዚ ክፍለ ዘመን፡ ምህርተን ብዩሓን ደረጃ ዕብየት ኣብ ዘርእያ ሃገራት ናይ ዝነብሩ ብዝሒ ህዝቢ ካብ 3 ሚኢታዊት ከም ዘይዓቢ ድማ እቲ መጽናዕቲ ወሲኹ ኣሚቱ።

"ሕርሻዊ ምህርቲ ምስ ክሊማዊ ለውጢ ዘለዎ ምትእስሳር ቀጥታዊ እዩ" ዝበለ ሓደ ካብቶም ተመራመርቲ ሳውሪክ ቲያወሉት፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ዝርአ ዘሎ ምጉዳል ምህርቲ ሕርሻ፡ ሃገራት ዓለምና ብዋበእ ከስተብህላን ንምዕቡይ ክጽዕራን፡ ንክሊማ ዓለምና ኣብ ምብኻል ኣብ ዝርአ ዘሎ ጠንቅታት ድማ ግቡእ ቆላሕታ ክንብራ ከም ዝግባእ ኣስሚሩሉ።

ሕማቕ ኩነታት ኣየር ኣብ ዝሃልወሉ ዓመታት፡ ኣብ ምህርቲ ሕርሻ ክሳብ 25 ሚኢታዊት ምንቁልቋል ከም ዘጋጥም መጽናዕቲ 'ፒ. ኤስ. ኤል.' ይሕብር። ኣብ ብከላ ክሊማ ግቡእ ቆላሕታ ምስ ዝግበር ግና ሕማቕ ኩነታት ኣየር ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን'ውን እንተኾነ ክርአ ዝኽእል ምንቁልቋል ምህርቲ ካብ 5 ሚኢታዊት ክዛይድ ከም ዘይክእል ሓቢሩ።

# በርቅን ነጎዳን ብኸመይ ይፍጠር?

ካብ መሬት ዝዛሪፈ ጠሊ ዘለዎ ምዉቕ ኣየር፡ ኣብ ላዕሊ ምስ ዝርከብ ዝሑል ኣየር ምስ ተራኸበ ደበና ይፍጠር። ኣብ ወሽጢ'ቲ ደበና ድማ፡ እናተኸፋፈሉ ዝፍጠሩ በረድ ኣለው። እዚ ምክፍፋል'ዚ ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ናይቲ ደበና ኣወንታዊ ሓይሊ ጾዖት (positive charge) ኣብ ታሕተዋይ ክፋሉ ድማ ኣሉታዊ ሓይሊ ጾዖት (negative charge) ከም ዝፍጠር ይገብር።

ሓደ ካብቲ ሓይሊ ጾዖት፡ ሃንደበት ብሓያል ኤለክትሪካዊ ሓይሊ ካብ ደበና ተፈንጁ ምስ ካልእ ኣንጻራዊ ሓይሊ ጾዖት ክጋጨ እንከሎ ድማ፡ በርቅን ነጎዳን ይኽሰት።

በርቂ ብሰንኪ'ቲ ሓያል ኤለክትሪካዊ ሓይሊ ናይቶም ክልተ ሓይሊ ጾዖት ዝፍጠር ብርሃንን ሙቐትን ክኸውን እንከሎ፡ ነጎዳ ድማ ብሰንኪ'ቲ ሓያል ግጭት ናይቶም ክልተ ኣንጻር ሓይሊ ጾዖት ዝፍጠር ድምጺ እዩ።

ሙብዛሕትኡ እዋን በርቅን ነጎዳን ኣብ ሓደ እዋን ዝኽሰት ክነሱ፡ በርቂ ኢና ኣቐዲምና ንርኢ። እዚ ድማ ፍጥነት ብርሃን ካብ ፍጥነት ድምጺ ስለ ዝቀልጥፍ እዩ።

እቶም ኣብ ደበና ዝፍጠሩ ሓይሊ ጾዖት፡ ኣብ መሬት ምስ ዘሎ ይኹን ኣብ ኣየር ምስ ዝርከብ ኣንጻር ሓይሊ ጾዖት ምስ ዝጋጨ፡ ነፋሲ ወከፍ ሓይሊ ብዝለዓለ ዓቕን ክሳብ 30 ሽሕ ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ሙቐት ይፈጥሩ። ፍትሓፍሓ ግጭት ነፋሲ ወከፍ ሓይሊ ዝፈጥሮ ነጎዳ ድማ ካብ ድምጺ ነታጒ ብዘተዓጻጸፈ ዝዛይድ ድምጺ ኣለዎ።

ህዱእ ኩነታት ኣየር ምስ ዝህሉ፡ እቶም ክልተ ኣንጻራዊ ሓይሊ ኣብ ቦትኦም ስለ ዝህልዉ - 'ኒውትራል' ስለ ዝኾኑ - ነጎዳን በርቅን ክፍጠር ኣይክእልን። ማይ ኣብ ዝዘንበሉ፡ ብፍላይ ድማ ብርቱዕ ንፋስ ዘለዎ ምስ ዝኸውን፡ እቶም ኣንጻራዊ ሓይሊ ካብን ናብን ክንቀሳቐሱ ግድን ስለ ዝኸውን፡ ኪጋጨዉ'ውን ግድን እዩ። ነጎዳን በርቅን ክፍጠር ድማ ግድን ይኸውን።

መጽናዕትታት ከም ዝሕብሩዎ ኣብ መላእ ዓለም መዓልታዊ ኣስታት 40 ሽሕ ነኣሽቱን ዓበይትን ነጎዳን በርቅን ይኽሰቱ። በዚ ድማ መዓልታዊ ኣብ ሰብን ንብረትን ናይ ዘወርድ ጉድኣት ሓያል ምኻኑ ይንገር። ብፍላይ እቲ 30 ሽሕ ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ዘመንጩ በርቂ ኣግራብን ኣባይትን ብቐሊሉ ስለ ዘቃጽል ብዙሕ ጉድኣት እዩ ዘውርድ።

ካብቶም መዓልታዊ ዝኽሰቱ 40 ሽሕ በርቅን ነጎዳን እቶም 80 ሚኢታዊት ኣብ ወሽጢ ደበና እዮም ዝፍጠሩ። እቲ ዝተረፈ ድማ ካብ ደበናታት ዝተፈነወ ኣሉታዊ ጾዖት ምስ ኣብ መሬት ዝርከብ ኣወንታዊ ጾዖት ብምጥጫው እዩ ዝፍጠር።

በርቂ ተፈጥሮኣዊ ክስተት ብምኻኑ ዘተኣማምን መከላኸሊ የብሉን። ክልቲኡ ሓይሊ ብምጥጫው ንዝፍጠር ሓይሊ በርቅን ነጎዳን ናብ ንቡር ንምቕያሩ፡ ንወሰኑን ከባቢ ካብ ሓደጋ ክከላኸል ዘኽእል መሳርሒ ኣብ በረኽቲ ቦታታት ይትከል እዩ።

# ፍሉይ ጠባያት ማይ

ማይ ንህይወት ኣዝዩ ኣድላዪ ነገር ብምኻኑ ብዝይብሉ ክንነብር ኣይንኽእል ኢና። ማይ ብሰለስተ ልሙዳት ደረጃታት ናይ ነገራት ይህሉ - ብፈሳሲ፡ ብዝፉን ብደረቕን።


ማይ በቲ ዘርእዮ ጠባያት ንብዙሓት ሕግታት ስነ-ቅመም (chemistry) እዩ ዝፍርስ። ዝበዝሑ ነገራት (substance) ካብ ፈሳሲ ናብ ደረቕ ደረጃ ክቕየሩ እንከለዉ፡ እቶም ዘቖምምዎም ነገራት ስለ ዝጥርነፉ፡ ዝያዳ ጻዕቂ (dencity) ይህልዎም። ማይ ግና ነዚ ኣጉቢ'ዚ ኣየርእዩን እዩ። ከምኡ እንተዝኸውን ነይሩ፡ ኣብ ዝኾነ ፈሳሲ ዝኣቱ ቁራጽ በረድ (ኣይስ ክዩብ) ምጠሓለ ነይሩ። ማይ ናብ ደረቕ ነገር ክቕየር እንከሎ ዘቖምዎ ሞለኩላት ይዝርግሑ እዮም።

ዝበዝሑ ደረቕ ነገራት፡ ብደገኣዊ ሓይሊ ምስ ዝጽቀጡ ወይ ምስ ዝጭፍለቑ ዝጸዓቑ ይኾኑ ወይ ይሰብሩ። ማይ ግን ኣብ ከምዚ ናብ ፈሳሲ እዩ ዝቕየር። ኑቲ ጸቕጢ ምስ እተልዓለ መሊሱ ናብ በረድ ክምለስ ይኽእል።

ማይ ካብ ካልኦት ሳብስታንሳት ዝተፈልየ ዝለዓለ ናይ ምፍላሕ (ምህፋፍ) ደረጃ ኣለዎ። እዚ ንደቂ ሰባት ጸቢቕ ነገር እዩ። ምኽንያቱ ዝተሓተ ናይ ምፍላሕ ደረጃ እንተዝህልዎ ነይሩ ውቅያኖሳትን ባሕርታትን ቀደም ሃፊፎም ምተወድኡ ነይሮም።

ተመራመርቲ ማይ ኸዚ ፍሉይ ኣብ ምህላው ሓደ ባእታ ሃይድሮጅን የጸግዕዎ።

ማይ ኣብ 100 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ (ወይ ኣብ 212 ዲግሪ ፋራናይት) ይፈልሕ ወይ ይሃፍፍ። እዚ ደረጃ ግን ኣብ ጸፍሒ ባሕሪ ጥራሕ እዩ ዝሰርሕ። ኣብ ዝለዓለ ብራኸ ግን ይትሕት እዩ። ኣብ ህዋ (space) ማይ ብውሑድ ዓቐን ሙቐት እዩ ዝሃፍፍ። ከም ፈሳሲ ገይሩ ክዕቀብ ዝኽእል ዝኾነ ጸቕጢ የልቦን።




# ናብራ ዘፋኽሱ ሓደስቲ ምህዘታት

ብጦዝሒኡ ኣብ ዓለምና ሓያሎ ሓደስቲ ምህዘታት እየም ዝረኣዩ ዘለዉ። ሙብዛሕትኦም እቶም ምህዘታት ኣብ ዕለታዊ ናብራና ንዝርኣዩ ጸገማት ንምቅላል ዝዓለሙ ብምዃኖም ድማ፡ ብህዝቢ ልዑል ተቐባልነት እዩ ዘለዎም። ገለ ካብቶም ኣብዚ ቀረባ ዝሓለፉ ዓመታት ዝተራእዩ ሓደስቲ ምህዘታት ክንጠቕስ።

## * ድምጺ ኣለልዩ ዝውላዐን ዝጠፍእን መብራህቲ

ኣብ ብሪጣንያ ኣብ ናይ መንግስቲ ኣብያተ ጽሕፈት ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘረጋገጾ፡ 50 ሚኢታዊት ሰራሕተኛታት መብራህቲ ተወሊዑ እንከሎ ይኸዱ። ሙብዛሕትኦም ኑቲ መብራህቲ ብምርሳዕ ከየጥፍኡ ከም ዝገድፍዎ ክገልጹ እንከለዉ፡ ገለኦም ድማ ብሰንኪ ትህኪት ተወሊዑ ከም ዝገድፍዎ እዮም ዝዛረቡ። ብኩባንያ 'ፍሊፕስ' ተዳልዩ ዘሎ ምዕቡል መብራህቲ ግና፡ ነዚ ጸገም'ዚ ዘቃልል እዩ። እዚ ብመንገዲ 'ኣማዞን ኣሌክሳ' (Amazon Alexa) ናይ መርበብ መራኸቢ ከም ዝሰርሕ ዝግበር መብራህቲ'ዚ፡ እትህቦ ድምጺ ኣለልዩ፡ ክጠፍእ፡ ክድምቕ ከምኡ'ውን ክዛሰስ ከም ዝኽእል ይንገር።






ተጠቒምካ ኣብ ዝውዳእካሉ'ውን ዓጺፍካ ከተቐምጦ ስለ እትኽእል ዝኾነ ረሳሓት ክለግቦ ኣይክእልን።

## * ዝዕጸፍ መቑርደዲ ጣውላ

ሽጉርትን ካልእን ንምቕርዳድ ቀጻሊ እንጥቀመሉ ጣውላ፡ ንምሕጻቡን ንምንቕማጡን ዘይስልችወን ኣለዋ ክትብል ኣጸጋሚ እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ካብ ጣውላ ዝስራሕ ዝነበረ መቑርደዲ፡ ክብደቱ ንምንካይ ብፕላስቲክን ካልእ ነገራትን ክስራሕ ጀሚሩ ኣሎ። እዚ ሓድሽ ጣውላ'ዚ ግን ካብዚ ሓሊፉ ፈኮሶን ከም ድላይካ ክትዓጽፎ ዝከኣልን ብምኻኑ ዝቖርደድካዮ መግቢ ከይወድቐካ ከይሰገኣካ ናብቲ ድስቲ ወይ ጻሕሊ ዘለዎ ቦታ ብቐሊሉ ከተንቀሳቕሶ ትኽእል ኢኻ።

## * ማይ ዘየሕልፍ ካልሲ

ማይ ኣብ ዝዛለወሉ እዋን ኣእጋርና ካብ ቁሪ ንምክልኻል ካልሲ ክንገብር ኣጸጋሚ እዩ። እዚ ካልሲ'ዚ ግና ማይ ዘየሕልፍ ብምኻኑ፡ ዝናብ ይዛሉ ጠሊ ዘለዎ ከባቢ ይኹን ብዘይ ጸገም ወዲኻዮ ክትንቀሳቐስ ትኽእል ኢኻ።



# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመርሊግ ዓዲ እንግሊዝ**

ክሪስታል ፓላስ - ቦርን ማውዝ
10፡30
በርንለይ - ማን ሲቲ 11፡15

## ስፖርታዊ ንጥፈታት ስንኩላን ተኻዪዱ

ብምኽንያት 3 ታሕሳስ ኣህጉራዊ መዓልቲ ስንኩላን ክካየድ ዝጸንሐ ዝተፈላለየ ዓይነታት ስፖርት ስንኩላን፡ ንቅዳም 30 ሕዳር ኣብ ሜዳ ቦውሊን መዓስከር ደንደን ብዘተኻየደ ጸወታታት ምፍጻሙ ተገሊጹ።

በዚ መሰረት፡ ኣብቲ ዕለት ኣብ ዝተኻየዱ ጸወታታት ኲዕሶ ሰኪዔት፡ ዓራግን ደንደንን ንደረጃ ክጻወታ እንከለዋ፡ ፈንቅልን ሰላምን ድማ ናይ ፍጻመ ጸወታአን ኣሰላሲለን።

ፈንቅልን ሰላምን ዋንጫ ንምልዓል ኣብ ዘካየዳኦ መሳጢ ጸወታ፡ ፈንቅል 21-ብ18 ብምዕዋት ሻምፕዮን ናይቲ ውድድር ኮይና።

ተመጣጣኒ ዝኾነ ጸወታታት ኣብ ዘካየዳ ጋንታታት ዓራግን ደንደንን ድማ ዓራግ 16-ብ14 ብምዕዋት ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ግጥማት ዊልቸርን ዝተፈላለየ ናይ ውሽጢ ገዛ ጸወታታት እውን ምስላሳሉ ጸብጻብ ዘምህረት ኣብርሃ ይገልጽ።

## ቅነ ስፖርት እዚ ማእከል ይቕጽል



ቅነ ስፖርት እዚ ማእከል ኣብ ዝሓለፈ ሳልሰቲ ብጥጥማት ኲዕሶ እግሪን መርበብን ምቕጻሉ ኀሰኣሰን ሓበሬታን ናይቲ እዚ ኣፍሊጡ።

ኣብ ግጥም ኲዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታ ደምሒናን ኖቕፋ እየን ተራኺበን። ተጻዋቲት ጋንታ ደምሒና የሹ ታደሰ፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ ሓንቲ ኣብ ዝሰዓበ ፍርቂ ድማ ክልተ ሸቶታት ብምምዝጋባ ጋንታኣ ናይ 3-ብ0 ዓወት ከተመዝግብ ኣኽኢልታ።

ኣብ ካልኣይ ጸወታ ዝተራኸባ ሂምቦልን ኣዳልን እየን። ጋንታ ኣዳል ከኣ ኣብ መበል 19 ደቒቕ ሚካል ብርሃ ብዘመዝገበታ ሓንቲ ሸቶ ንመጋጥምታ መሪሓ ካብ ሜዳ ወጺኣ። እዚ ውጽኢት ክሳብ ምዱብ 90 ደቒቕ ብምቕጻሉ፡ ኣዳል ናይ 1-ብ0 ዓወት ኣውሒሳ ካብ ሜዳ ወጺኣ።

ኣብ ግጥም ደቂ ተባዕትዮ፡ ደምሒናን ሂምቦልን እየን ተራኺበን። ንዕረፍቲ ብዘይ ሸቶ ዝወጻ እዘን ጋንታታት፡ ኣብ ካልኣይ ፍርቂ ኣማን ሙሴ ናይ ጋንታ ደምሒና ኣብ መበል 55 ደቒቕ ሸቶ ኣመዝገበ። ሂምቦል ዝተመዝገባ ሸቶ ክትመልስ ጸዒራ እኳ እንተነበረት፡ ክሰልጣ ግና ኣይከኣለን። በዚ ከይኣኽላ፡ ኣብ መበል 90 ደቒቕ እውን ብሚንኣብ ሓየሎም ካልኣይቲ ሸቶ ተመዝገበ። ጸወታ ከኣ ብዓወት ደምሒና 2-ብ0 ተፈጸመ።

ኣብ ካልእ ሜዳ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ጋንታታት ሂላልን ዑብልን እየን ገጢመን። ሚሮን መንግስተኣብ ካብ ጋንታ ዑብል ኣብ መበል 18 ደቒቕ ብዘቖጸራ ሸቶ፡ ዑብል ናብ ዕረፍቲ መሪሓ ወጺአ። ድሕሪ ዕረፍቲ፡ እውን ያሬድ ብርሃ ኣብ መበል 89 ደቒቕ ብዘቖጸራ ሸቶ፡ ዑብል 2-ብ0 ተዓዊታ ክትወጽእ ክኢላ'ያ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ውድድር ኲዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ጋንታ ብሪጎንን ሂምቦልን ተራኺበን ነይረን። ሂምቦል ድማ 2-ብ1 ተዓዊታ ካብ ሜዳ ወጺኣ። ደምሒና ምስ መረብ ኣብ ዘካየዳኦ ግጥም፡ መረብ ኣከታቲላ ኣብ ክልተ ሰታት ብምዕዋታ ናይ 2-ብ0 ዓወት ኣመዝጊባ።

ኣብ ናይ ደቂተባዕትዮ ውድድር፡ ብሪጎንን ኣዳልን እየን ገጢመን። ኣዳል ድማ 3-ብ2 ተዓዊታ።

ጋንታ ኖቕፋ ምስ መረብ ኣብ ዘካየደቶ ጸወታ ከኣ ኖቕፋ 3-ብ1 ክትዕወት ክኢላ።

## ቅልውላው ማን ዩናይትድን ኣርሰናልን . . .

ንዓላሚኣ ኡናይ ኤምረ ብምፍናው፡ ንፍሬዲ ሊዩምበርግ ኣብ መንበር ምዕላም ብግዚያዊነት ኮፍ ዘበለት ኣርሰናል፡ ብቐደሚ ትማሊ ምስ ኖርዊች 2-ብ2 ብምፍልላያ፡ ዘቐጸ ቅልውላው'ታ ጋንታ መሊሱ ምድጋሱ ይግለጽ ኣሎ። ብተመሳሳሊ ኣብ መቐየሪ ክዳን ማን ዩናይትድ እውን ድሕሪ ግጥም ኣንጻር ኣስቶን ቪላ (2-ብ2 እየን ተፈላልየን)፡ ኣብ መንበር ምዕላም እታ ጋንታ ህድኣት ዘይምህላው ጋዜጣታት ከተማ ማንቸስተር የጋውሓ ኣለዋ።

ናይ ቀድም ተጻዋታይ ክለብ ማን ዩናይትድ ፖል ስኮለስ ንግጥም ኣርሰናልን ኖርዊችን ድሕሪ ምትንታኑ፡ ጠንቂ ነጥቢ ምምቓል ክለብ ኣርሰናል "ብኣላብዛ ልዩምበርግ እዩ ዝጅምር" ምባሉ ኣቓልቦ ማዕከናት ዜና ስሒቡ ኣሎ።

"ሊዩምበርግ ዝወደዮ ክዳውንቲ፡ ምስ መዘኑ ዘይሳነ እዩ ነይሩ። ኣብ ክንዲ ምስቲ ተዋሂቡዎ ዘሎ ዓቢ መዘኑ ዝሳነ ምዕሩግ ክዳውንቲ ወድዩ ኣብ ፈላሚ ጸወታኡ ዝረአ፡ ንልምምድ ዝወጽእ ዘሎ ኣሰልጣኒ እንኪመስል፡ ወጃብ ክዳን ምውዳዩ፡ ኑቲ መዘኑት ድልዊ ከምዘዮሎ ዘጽር እዩ" ክብል ስኮለስ ተዛሪቡ።

ብምቕጻል፡ ስኮለስ፡ "ኣርሰናል ልዕሊ 70 ሚልዮን ፓውንድ ወጻኢታት ንዝከበረትሉ ተጻዋታይ ኒኮላስ ፔፔ፡ እዚ ኣሰልጣኒ ክጥቀመሉ ዘይምኽኣሉ እውን እቲ ኻልእ ጠንቂ እዩ" ክብል መዲሩ።

በዚን ካልእን፡ ሊዩምበርግ ንመንበር ምዕላም ክለብ ኣርሰናል ዝበቕዕ ዓቕሚ ኮነ ግርማ ከምዘይብሉ እዩ ስኮለስ ደምዲሙ።

ሓያለ ደገፍቲ ኣርሰናል፡ ክለቦም ሓድሽ ኣሰልጣኒ ንምቛጻር ክትቀላጠፍ ይላበዉ. ምህላዎም ከም ደይሊ መይል ዝኣመሰላ ጋዜጣታት ይሕብሩ።

ዛጊት ተኻዪዱ ኣብ ዘሎ 14 ጸወታታት፡ ኣርሰናል 19 ነጥቢ ኣዋህሊላ ትርከብ። በዛ ናይ ብቐደሚ ትማሊ ሓንቲ ነጥቢ፡ እዛ ሰሚን ለንደናዊት ጋንታ ደረጃኣ ናብ ሻሙናይ እኳ እንተበረኸት፡ ሕጂ እውን ምስ ቀዳሞት ኣርባዕተ ክትሰራዕ ሊዩምበርግ ከቢድ ዕዮ ገዛ ኣብ ቅድሚኡ ከምዘሎ ብዙሓት ተንተንቲ ይሰማምዑ።

ብኻልእ ወገን፡ ትማሊ ኣማሲያኣን ንሕትመት ካብ ዝበቕዓ ጋዜጣታት ለንደን፡ ሊዩምበርግ፡ ምስቲ ኣብ እዋን ልምምድ ዝካኣድ ብቕዓት ኣየርኣየን ተባሂሉ ኣብ መንበር ተቐየርቲ ኮፍ ምስ ዝበለ ኒኮላስ ፔፔ ከምዝተሓራረፈ የጋውሓ ኣለዋ። እዚ ኣይቮርያዊ ተጻዋታይ፡ ዛጊት 12 ናይ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ጸወታታት ኣካዪዱ እኳ እንተሃለወ፡ ቦታኡ ውሑስ ምስ ዘይከውን ብኣጋኡ ናብ ካልእ ክለብ ክሰጋገር ከምዝጠልብ እተን ጋዜጣታት ወሲኸን የረድኣ። ኒኮላስ ፔፔ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ኣብ ሊግ ኣ ፈረንሳ ምስ እትነጥፍ ሊል ብሉጽ ናይ ጸወታ እዋን ምሕላፉ ይዝከር። ኣብቲ ዓመት ስፖርት 23 ሸቶታት ብምምዝጋብ ድማ ሊል ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ስፖርት ውድድር ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ክትሳተፍ ዓቢ እጃም ከምዝበርከ ይንገር።

ብኻልእ ወገን፡ ካብ ኣርሰናል ብሓደ ነጥቢ ትሒታ ታሸዓይ ተርታ እትርከብ ማን ዩናይትድ እውን ንኣሰልጣኒኣ ኦሌ ጉናር ሶልሻየር ኩተባርሮ ከምእትኽእል ኪጋዋሕ እኳ እንተጸንሐ፡ እታ ጋንታ ግና 'ኣይከክፉንዎን ኢና' ክትብል መግለጺ ሂባ'ላ።

ምክትል ኣቦ መንበር ዎድ ዋርድ፡ "ሓደ ሰልሲት ናይ ሓደ ዓመት ስፖርት ኣብ ዝተላዕለ ውድድር፡ ብዛዕባ ምብራር ኣሰልጣኒ ክንዛረብ ኣይንደልን" ክብል ተዛሪቡ።

ኣብ ዝሓለፈ 14 ጸወታታት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ኣርባዕተ ዓወት ጥራይ ዘመገበት ማን ዩናይትድ፡ ጽባሕ ምስ ቶተንሃም ዝመጽእ ቀዳም ከኣ ምስ ማን ሲቲ ኣገዳሲ ቡዳሲ ጸወታ ይጸብያ ኣሎ። ኣብዘን ጸወታታት ከኣ፡ ማን ዩናይትድ ዓወት ምስ ዘይተመዝግብ፡ ዓላሚኣ ሶልሻየር ኣሰር ኡናይ ኤምረ ክስዕብ ከምዝኽእል ናብታ ክለብ ቀርበት ዘለዎም ሰባት ከምዝረድኡ መርበብ ሓበሬታ ጎል ትገልጽ።

ብቐደሚ ትማሊ ድሕሪ ግጥም ኣንጻር ኣስቶን ቪላ ጋዜጣዊ መግለጺ ዝሃበ ሶልሻየር፡ "ምንቁልቋል ውጽኢት ከዛርብ ይኽእል እዩ። ንዓይ ዘገርመኒ ዘሎ ነገር እንተሃልዩ ግና፡ ብተደጋጋሚ መሪሕነት ሒዝና ክንስና ኣብ መወዳእታ ነጥቢ ክንከስር ምኽኣልና እዩ" ክብል ተዛሪቡ።

ዝኾነ ኮይኑ፡ ጽባሕ ኣሰልጣኒ ቶተንሃም ኮይኑ መንበር ምዕላም ዝተረከበ ሆሴ ሞሪኖ ኣንጻር እታ ናይ ቀድም ጋንታኡ ዝኾነት ማን ዩናይትድ ዘካይዶ ጸወታ ብኣጋኡ ኣቓልቦ ረኺቡ ኣሎ። "ሞሪኖ፡ ኣብ ኦልድትራፎርድ እንታይ ዓይነት ኣቀባብላ ይካየደሉ ይኸውን?" ዝብል ሕቶ ድማ ምላሽ ይጽበ ኣሎ።

** ** **





## ፒኮ ካብ ጸወታ . . .

ተኸላኻሊ ባርሴሎና ጀራርድ ፒኬ፡ ብቐደሚ ትማሊ ጋንታኡ ንኣትለቲኮ 1-ብ0 ኣብ ዝሰዓረትሉ ግጥም ብዝገጠሞ ማህሰይቲ ካብ ጸወታ ከምዝርሕቕ ተሓቢሩ።

ላቫንጉዋርድያ ዝተባህለት መርበብ ሓበሬታ ኣብ ዝሃበቶ ጸብጻብ፡ እዚ ወዲ 32 ዓመት ተኸላኻሊ፡ ዋላ'ኳ ክሳብ መዓስ ካብ ጸወታ ከምዝርሕቕ ብንጹር ኣይተሓበረ፡ ንሓደ ሰሙን ካብ ጸወታ ዘርሕቕ ማህሰይቲ ኣብ ብርኩ ከምዝገጠሞ ንገለ ኣባላት ክለብ ባርሴሎና ብምጥቃስ ገሊጹ።

በዚ ድማ፡ ፒኬ፡ ዝመጽእ ሰሙን ኣንጻር ኢንተር ሚላን ኣብ ዘካየድ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ናይ ምስላፉ ተኽእሎ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣትዩ ምህላዉ ተገሚቱ። ናብ ግጥም ኣውዲቕካ ምሕላፍ ምዝላላ ብኣጋኡ ዘፍለጠት ባርሴሎና፡ እቲ ግጥም ዋላ'ኳ ኣገዳሲ ዘይኮነ እንተዘይኮነ፡ ንኢንተር ሚላን ግና ኣብቲ ውድድር ናይ ህላወኣ ሕቶ ምኻኑ ይፍለጥ። በዚ ድማ ኣቶዲማ ንጅርዲ ኣልባን ኔልሰን ሰመዶን ብማህሰይቲ ዝኸሰረት ባርሴሎና፡ ሕጂ ድማ ናይ ፒኮ ተወሲኽዎ ምስ ኢንተር ሚላን እተካይዶ ግጥም ክብደሃ ከምዝኽእል ይትንተን።



# ምልክታ

በያኑል ገብረሚካኤል - ፋርቶና ኤፍሬም
ናጽነት ደስበለ

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ዮሳን መሓሪ ገብረማርያም ምባል ተሪፉ፡ ዮሳን ምሕረትኣብ ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/35 ይቕረብ።

ሰዋስው ወረደብርሃን ዮሃንስ ምባል ተሪፉ፡ ሰዋስው ወረደብርሃን ሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዮርዳኖስ ኣብርሃም ኪዳነ፡ ስም ኣደይ ዝማም ክፍላይ ምባል ተሪፉ፡ ዝማም ተኽላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቁ/52 ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ወ/ሮ ትደግ ገ/ማርያም፡ በዓል-ቤተይ ኣብርሃ ወልደገብርኤል ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኢትዮጵያ ገብረኣብ ተኽለሃይማኖት፡ በዓል-ቤተይ ኣሚነ ርስቱ ወልደኣብ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 7 ደቀይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/19 ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጎዳይፍ

ቀሺ ብርሃነ ጸሃየ ሃይለ፡ በዓልቲ-ቤተይ ወ/ሮ ፍረወይኒ ኣብርሃ ደባስ ስለዝሞተት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ብርኽቲ ክፍሉ፡ በዓል-ቤተይ ተሌንተ መንግስትኣብ ገብረእግዚኣብሄር ተወልደ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሰምበል

ከሳሲት ወ/ሮ ፍረወይኒ ተወልደ ገ/ሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ምስግና ኣሰፋሃ ገብረስላሴ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ሕጋዊ ወኪል ን26/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ግን ንስኻ ኣብ ዘይብሉ ጉዳይካ ክርአ ምኳኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዳዕሮ ጳውሎስ

ወ/ሮ ፍቓዱ ጸጋይ፡ በዓል-ቤተይ ተሸመ ብርሃነ መዓሾ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ዓንሰባ ከረን

ፋጥና ዓብደልቓድር ምባል ተሪፉ፡ ፋጥማ ዓብደልቓድር ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሓጋዝ

ጎይቶኦም ስለሙን ኣድሓኖም፡ ተጸዋዒ ኣቶ ዓወት ዑቕባይ ብርሃነ ቶዮታ ኩረላ ዝዓይነታ መኪና ብቁጽሪ ሰሌዳ ER-A-4881 እትፍለጥ ናይ ገዛ መኪና ብዕለት 10/11/2017 ብዝፈጸምናዮ መሸጣ ውዕል 65,000 ሱሳን ሓሙሽተን ሽሕ ናቕፋ ምሉእ ዋጋ ሽያጥ ገንዘብ ድማ ኣብ ባንክ ኣባይትን ንግድን ከረን ካብ ዝርከብ ሕሳበይ 90100-0 ዝፍለጥ ሕሳብ ኣሰጊረሉ። እንተኾነ ተጸዋዒ ስም ዋንነት ናብ ስመይ ከየማሓለለፈለይ እንከሎ ተሰዊሩ ብኣድራሻኡ ክረክቦ ስለዘይከኣልኩ ይጸውዓለይ ስለዝበለ፣ ተጸዋዒ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ንሱ ኣብ ዘይብሉ ውሳኔ ክውሃበሉ ምኳኑ ነፍልጥ።

## ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ኣቶ መብራህቱ ዓንደሚካኤልን ወ/ሮ ግደይ ትኩእን፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ጓልና ኤልዳና ነባይ ኣብራሃም ምባል ተሪፉ፡ ኤልዳና መብራህቱ ዓንደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመላ፡ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/19 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ መንደፈራ

ኣቶ ሃብተስላሴ ተወልደመድህን ወ/ሚካኤል፡ ወለድና ተወልደመድህን ወልደሚካኤል ገ/ሚካኤልን ፋና ገብረሚካኤል ምሕረተኣብን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓዲ ቀይሕ

ዳኒኤል መልኣኩ፡ ኣቦና መልኣከ ኣሰፋው ንጉሰ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን5/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ሰለሙን ሕሉፍ፡ ምስ ተኸሳሲት በዓልቲ-ቤተይ ወ/ሮ ትርሓስ ምስግና ሕጋውያን ሰብ ሓዳር ኮይንና 2 ወሊድና፡ እንተኾነ ተኸሳሲት ካብ 4/2/16 ኣትሒዛ ሓዳራ ገዲፋ ካብዚ ሃገር ምስ ወጸት ድሃያ ስለዘይብለይ ትጸውዓለይ ስለዝበሉ፣ ተኸሳሲት ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ትቕረብ። እንተዘይቀሪባ ግን ንሳ ኣብ ዘይብሉ ጉዳያ ክርአ ምኳኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሕረት

ወ/ሮ ሂወት ሓጎስ፡ በዓል-ቤተይ ጠዓመ ገረህላስ ስለዝሞተ፡ ኣብ ዓዲ ይኹን ኣብ ዓዲ ቀይሕ ዘሎ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 7 ደቀይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ንኣምን

ትምኒት ወልደማርያም ገብረመድህን፡ በዓል-ቤተይ ዮውሃንስ ዘርእዝጊ ኣድሓኖም ስለዝሞተ፡ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሃይኮታ

ወ/ሮ ምዕራፍ ገብረህይወት ቐለታ፡ ኣቦና ኣቶ ገብረህይወት ቐለታ መሓሪ ስለዝሞተ፡ 6 ደቁ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ጋሽ ባርካ ተሰነይ

ወ/ሮ ትርሓስ ለገሰ መስፍን፡ በዓል-ቤተይ ናስር ያሲን ስዒድ ስለዝሞተ፡ 9 ደቁ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ

ብስም ኣፈወርቂ ፍረታትን ኣሕምልትን፡ ብዕለት 14/9/2000 ብመ.ቁጽሪ 6020203CA00157 ኣብ ን/ዞባ ደቀምሓረ ሓ/ከተማ ማይዕዳጋ ናይ ዝተመርሓለይ ኦርጂናል ናይ ክራይ መሬት ሊዝ ስለዝጠፍኣኒ፣ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07145720 ክሕብረኒ። እንተዘይኮይኑ መተካእታኡ ክሓትት ምኳነይ ይሕብር።

ወኪል ጸጋይ በርሀ

## ምልክታ

ብስም ወረ/ሓጂ መሓመድሓሰን ኣማን ወ/ሮ መዲና መሓመድ ሓሰን ምስ 7 ኣሕዋተን ብቑ.ምስክር ወረቐት 113500 መወከሲ ቁጽሪ 122690 ዝተመዝገበ፣ ኣብ ኣስመራ ዞባ 1 ምም/03 ጎደና ከረን ቁ. ገዛ 48 ቁ.ሎታ 27 ቁ.ፓርቸላ E ዝርከብ ገዛ ናብ ስም ወረስቲ ከነመሓላልፎ ስለዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ መዲና መሓመድ ሓሰን

## ምልክታ ንወነንቲ ብርኪ ኤርትራኮ

መበል 18 ስሩዕ ሓፈሻዊ ጉባኤ ወነንቲ ብርኪ ኤሪትራኮ 14 ታሕሳስ 2019 ሰዓት 8፡30 ኣብ ኣዳራሽ ሃገራዊ ቤት ምኽሪ ንግዲ ኤርትራ ክካየድ መደብ ኣሎ። ኣብ'ዚ ዕለት ምልኣተ ጉባኤ እንተዘይተረኺቡ፡ ዝቕጽል ኣኼባ 28 ታሕሳስ 2019 ኣብ ዝተጠቐሰ ቦታን ሰዓትን ብዝተረኸበ ብዝሒ ተሳተፍቲ ክካየድ ስለዝኾነ፡ ኩሎኹም ወነንቲ ብርኪ ኤሪትራኮ ወይ ሕጋውያን ወኪላት ኣብ ኣኼባ ክትርከቡ ብኽብሪ ንዕድም።

መደብ ኣኼባን ናይ 2018 ኦዲት ሪፖርትን ካብ ቤ/ጽ ፋይናንስን ምምሕዳርን ትካልና ምውሳድ ይከኣል።

ዳይረክተራት ቦርድ ኤሪትራኮ ትራንስፖርት

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ወረስቲ ነፍ/ፋና ገብረሂወት ኣቶ ሃይለ ገብረመስቀል ብፍርዲ በዓል ዕዳ ወረ/ነፍ ፋና ገብረሂወት ኣቶ ኣርኣያ ገብረሂወት ብዝተፈጥረ ክርክር 1ይ ቤት ፍርዲ ማእከል ከተማ ብቁ /መዝ 891/17 ብዕለት 28/09/2019 ዝተዋህበ ናይ ኣፈጻጻም ትእዛዝ ምርኩስ ብምግባር እዚ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 1 ምም/02 ጎደና ኣንዞ ሜቴንዘ ቁ/ገዛ 66 ኣብ 120.70 ት/ሜ ዝተደኮነ ኣባርታማ ኣብ ቀዳማይ ደብሪ ዝርከብ ኮይኑ ኣርባዕተ ቀንዲ ክፍልታት ሓደ ክሽነ ሓደ ዓይኒ ምድሪ ዝሓዘ ኣብ መንጎ ወረስቲ ክምቀል ስለ ዘይከኣለ ብሓራጅ ተሸይጡ ኣብ መንጎ ወረስቲ ክምቀል ስለ ዝበለ መበገሲ ዋጋ ናይዚ ዝተጠቕሰ ገዛ 108,957.06 (ሚእትን ሸምንተን ሽሕን ትሽዓተ ሚእትን ሓምሳን ሸውዓተን 06% ናቕፋ ) ስለ ዝተገመተ ኣብቲ ዝካየድ ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ተጠራቃሚ ሕሳብ ወይ ብስም ፈጻሚ ፍርዲ ዝተሰርሐ C.P.O ብምቕራብ ክሳተፍ ይኽእል።

ዕለት ሓራጅ - 10/01/2020

ቦታ ሓራጅ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ ቁ/27
ሰዓት ሓራጅ - 3፡00 - 4፡00 ድ/ቀትሪ

ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ምስ ዘየቕርብ ሓራጅ ኣይቃረጽን። ንዝያዳ ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ፈጻሚ ፍርዲ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ.67 ክውከስ ይኽእል

## ምልክታ

ሓፍትና ኢ.ታይ ግደይ ዑቕባሚካኤል ብርሃነ ነቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 111205 መወከሲ ቑጽሪ 100136 ብስማ ዝተመዝገበ ኣብ ኣስመራ ዞባ 7 ምም/04 ጎደና 'ሐ' ቁ. ገዛ 27 ዝርከብ ገዝኣ ብውህብቶ ስለዝሃበትና ናብ ስምና ከነማሓላልፎ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣብርሀት ዑቕባሚካኤል
ወ/ሮ ጽገ ዑቕባሚካኤል

## ምልክታ

ብስም ነፍ/ ገብረሂወት ዓንደመስቀል ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 1062203 መወከሲ ቑጽሪ 113049 ዝተመዝገበ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 2 ምም/10 (ምም/ን/ዞባ ገዛ ባንዳ) ቁ. ገዛ 38 ቁ. ሎታ 283 ቁ. ፓርቸላ H ብወርሲ ዝርከብ ገዛ ናብ ወ/ሮ ለተንጉስ ፍስሓጼን፣ ህብትዝጊ ምስ 3 ደቀን ከነማሓላልፎ ስለዝደለና እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካድስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ በላይነሽ ገብረሂወት

## ምልክታ

ነዚ ምልክታ እዚ ምቕራብ ዘድለየሉ ምኽንያት "ብሪህ መጻኢ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ናይ ብሕቲ ማሕበር" ኣብ መንጎ እዞም ዝስዕቡ ኣባላት ከም ዝተመሰረተ ንምሕባር እዩ።

ሀ/

| ስም | ዜግነት | ኣድራሻ | ብርኪ |
|---|---|---|---|
| 1.ኣቶ ምሳዝጊ ሃብተ ዑቕባክርስቶስ | ኤርትራዊ | ድባርዋ | 17 |
| 2. ኣቶ ገብረክርስቶስ በርሀ ተኽለዝጊ | ኤርትራዊ | ድባርዋ | 17 |
| 3. ኣቶ ሃይለሚካኤል ጸሃየ ዓንደሚካኤል | ኤርትራዊ | ድባርዋ | 17 |
| 4. ኣቶ መሓሪ ክፍላይ ተወልደመድህን | ኤርትራዊ | ድባርዋ | 17 |
| 5. ኣቶ ፍስሃየ ወረደ ኣባይ | ኤርትራዊ | ድባርዋ | 17 |
| 6 ኣቶ ያቆብ ኣርኣያ መዘንግዕ | ኤርትራዊ | ድባርዋ | 17 |

ለ/ ማእከል ቤት ጽሕፈትን ጨናፍርን

ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ናይዚ ማሕበር ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ድባርዋ ኮይኑ፣ ከከም ኣድላይነቱ ኣብ ኤርትራ ይኹን ኣብ ወጻኢ ሃገር ጨናፍር ቤት ጽሕፈታት ክኽፍት ይኽእል።

ሐ/ ርእሰማልን ብርክታትን

ናይዚ ማሕበር ርእሰማል 102.000.00 ናቕፋ 1000.00 ዋጋ ናብ ዘለዎም 102 ብርክታት ዝተመቕለን ብመሉኡ ብጥረ ገንዘብ ዝተኸፍለን እዩ።

መ/ ዕላማ ማሕበር ከምዚ ዝስዕብ ይኸውን

1. ናይ ቸሜንቶን ውጺኢት ቸሜንቶን ስርሒት ምክያድ፣
2. ናይ እምኒ ምስባርን ምጥሓንን ስርሓት ምክያድ ፤
3. ናይ ህንጻ መሳርሒታት መሸጢ ትካል ምቛም ፤
4. ምምጻእን ምልኣኽን ብጃምላን ብዝርዝርን ምሻጥ፣
5. ምርባሕን ምስባሕን እንስሳታትን ሕርሻዊ ንጥፈታትን ምክያድን፣
6. ካልእ ምስ እዚ ስራሕ ዝዛመድ ንግዳዊ ንጥፈት ምክያድ፣

ረ/ ኣቶ ምሳዝጊ ሃብተ ዑቕባክርስቶስ ናይዚ ማሕበር ኣካያዲ ስራሕ ይኸዉን።

ሰ/ እዚ ማሕበር ንዘተወሰነ ግዜ ተመስሪቱ ኣሎ።

ብሩህ መጻኢ ሓ.ዝ.ብ.ማ

## ምልክታ ጨረታ

ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ንዝርከቡ ናይ ሕጊ እሱራት ካብ 01/01/2020 - 31/12/2020 ብጨረታ ኣወዳዲሩ ዋሑን ሽሮን በርበረን ክዕድግ ስለዝደለየ ሕጋውያን ነጋዶ ይዕድም።

1. ዝርዝር ሓበሬታን መምርሒ ጨረታን ዝቐርቡ ዓይነት ሽሮን በርበረን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ናብ ማ/ቤ/ጽ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ኤርትራ ቁጽሪ 12 እናመጻምእኩም ክትወስዱ ትኽእሉ።

2. ሰነዳት መምርሒ ጨረታ ዘይምለስ ናቕፋ 50.00 ብምኽፋል ግዚእኩም ክትወስዱ ይከኣል።

3. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 መዓልታት ክፉት ኮይኑ ጸኒሑ፣ ኣብ መበል 10 መልቲ ሰዓት 6 ድ/ቀ ናይ ጨረታ ሳንዱቕ ይዕጾ። ንጽባሒቱ ንግሆ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ኤርትራ ሓዝሓዝ ይኽፈት።

4. ጨረታ ኣብ ዝኽፈተሉ ሰዓት ተጫራቲ ባዕሉ ወይ ሕጋዊ ወኪሉ ምስ ዘይርከብ ግን ዘቕረቦ ወፈያ ኣይክፈትን።

5. ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ኤርትራ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ በዚ ጨረታ'ዚ ኣይግደድን።

ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ኤርትራ

## ን2ይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ጨ/ትም/ዞባ ጋሽ ባርካ ኣብ ንኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ ኣቐርደት፣ ፎርቶ፣ ጎኘን ንተማሃሮ ንመግቢ መብሰሊ ዕንጸይቲ ንሓደ ዓመት ካብ ጥሪ ክሳብ ታሕሳስ 2020 ኣብ ናይ ትምህርቲ ግዜ ዘቕርቡ ንምርካብ ግዱሳት ተጫረትቲ ንዕድም።

ተጫራታይ ከማልኦ ዝግብኦ

1. ናይ 2019 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ኮፒ የትሕዝ፣

2. መኽበሪ ጨረታ ተመላሲ ዝኸውን 10,000.00 ናቕፋ ካሽ ወይ (C.P.O) የትሕዝ፣

3. ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ጽሕፈት ጨ/ትም/ዞባ ጋሽ ባርካ ይውሰድ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብቁ.ቴ 731216/731056 ተወከሱ።

4. ጨረታ ክሳብ 11/12/2019 ክፉት ኮይኑ ንጽባሒቱ 12/12/2019 ሰዓት 11፡00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኽፈት።

5. ቤ/ጽሕፈት ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ጨረታ ክሰርዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ቤ/ጽ/ጨ/ትም/ዞባ ጋሽ ባርካ

## ምልክታ

ኣልጋነሽ ሰዩም ብረ+13 ወረስቲ ብስም በዓል-ቤተይ ነፍ/ ኣቶ ዮውሃንስ ዘሪሁን ወልደሰንበት ዝተመዝገበ ገዛ ዝኾንና፣ ኣብ ምምሕዳር ን/ዞ/ዕ/ሓሙስ ብምስክር ወረቐት 111769 መወከሲ ቁጽሪ 127375 ቁ.ፓርቸላ ዞና ኣባሞቻል ጎደና ሱዳን ቁ.ገዛ 107 ቁ.ሎታ 2 ዝርከብ ገዛ ስም ምትሕልላፍ ክንገብር ስለዝደለና ዝቃወም እንተሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ናብ ቤት/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ቤት/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ዞባ ማእከል የቕርብ።

ወ/ሮ ኣልጋነሽ ሰዩም ብረ+13

---

ኣብ መንጎ ኣካራይት ሰናይት ጸጋይ ሰጊድ ተኻራያይ ተስፋጼን ሃይለ ዑቕባጼን ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL000024379 ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና - ቁ.ገዛ - ዝተመዝገበ ናይ ቤት መስተ ንግዳዊ ንጥፈት ካብ ዕለት 31/10/2019 ጀሚሩ ከም ዝተቛረጸ እናሓበርና ዝቃወም ኣካል ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ናብ ዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ክቋረጽ ምዃኑ ነፍልጥ።

ጨ/ቤ/ጽ/ንግድን/ምዝገባን

ተስፋኣለም የማን

# ኮሞሮስ፡ ናይ ልዕሊ 4 ቢልዮን ዶላር ወፍሪ ተማዕዱ



መራሒ ኮሞሮስ ፕረዚደንት ኣዛሊ ኣሶማኒ፡ ኣብዚ ሰሙንዚ ኣብ ፓሪስ - ፈረንሳ ኣብ ዝቃንዕ ኣህጉራዊ ዋዕላ ወፍሪ ሃገሩ ናይ 4.63 ቢልዮን ዶላር ወፍሪ ክትሰሕብ ትጽቢት ከም ዘለዋ ገሊጹ።

ንሱ ነዚ ዝገልጽ ዘሎ፡ ዝመጽእ ዓመት ዝካየድ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ናብ ረብሓኡ ንምውዓል፡ ኣብታ ሃገር ቁጠባዊ ዕብየትን ፖለቲካዊ ርግኣትን ንምርግጋጽ ኣብርኺ ክሰርሕ ምዃኑ መብጽዓታት ኣብ ዝኣትወሉ ዘሎ እዋን'ዩ። ኣቐዲሙ ኣዛሊ ሰራዊት ዝበረን ኣብ 1999 ብዕልዋ በትረ-ስልጣን ዝጨበጠን ኣሶማኒ፡ ተሪዝም፡ ሕርሻ፡ መጕዓዝያን ጸዓትን እየም ኣብ ዋዕላ ፓሪስ ኣውፊርቲ ክስሕቡ ኮሞሮስ ብቐዳምነት ትጽቢት እትገብረሎም ጽላታት ከም ዝኾኑ ንሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

ኣብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ማለት፡ ኣብ መንጎ ሞዛምቢክን ማዳጋስካርን ተደኲና እትርከብ ብኣኩብ ደሴታት ዝቘመት ኮሞሮስ፡ ሓንቲ ካብተን ብደረጃ ዓለም ዝደኸያ ሃገራት ከም ዝኾነት'ዩ ዝንገረላ። እዛ 800 ሽሕ ህዝቢ ጥራይ ዘለዋ ሃገር፡ ቁጠባኣ ኣብቲ ንጨና ፈረንጂ ዝገልግል 'ይላንግ-ይላንግ' ዝበሃል ጥረ-ነገር፡ ቫኒልያ ዝበሃል መኣዛዊ ቀመማ፡ ከምኡ ድማ ቅንፍር ናብ ወጻኢ ሰደድ ብምግባር እትረኽቦ ኣታዊ ዝተመርኰሰ እዩ።

እዛ ኣብ 1975 ካብ ኣርዑት መግዛእቲ ፈረንሳ ተላቒቓ ናጽነታ ዝረኸበት ንእሽቶይ ኣፍሪቃዊት ሃገር፡ ፖለቲካዊ ቅልውላው፡ ዕልዋ መንግስትን ቅንጸላ መራሕትን ብዙሕ ግዜ ተራእዩዋ እዩ። ካብቲ ናጽነታ ዝረኸበትሉ ዓመት ንድሓር ጥራይ ልዕሊ 20 ዕዉትን ፍሹልን ዕልዋታት መንግስቲ ኣጋጢሙዋ። ዳርጋ ኩሎም ዕልዋታት ድማ ሰወር ኢድ ናይ ፈረንሳ ከም ዝነበሮም ይጥቀሱ። እታ ሃገር ካብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ጀሚራ ግን ፖለቲካዊ ርግኣት ሰፊኑዋ ኣሎ።

ብጎንኩ ዓለምን መንግስቲ ፈረንሳን ዝተወደበ ኣህጉራዊ ዋዕላ ወፍሪ ፓሪስ፡ ካብ 4 -5 ታሕሳስ ክካየድ እዩ። እቲ ክሳብ 2030 ዝሸፍን ዓበይቲ ቁጠባዊ መደባት ክሕንጸጸሉ ትጽቢት ዝግበረሉ ዋዕላ፡ ብዙሓት መራሕቲ ሃገራት፡ ሰብ ርእሲማልን ካልኦት ወገናትን ክሳተፉዎ ምዃኖም ይሕበር።

# ፕረዚደንት ብራዚል፡ ንኣመሪካዊ ተዋሳኣይ ፊልም ከሲሱ

መራሒ ብራዚል ፕረዚደንት ጃይር ቦልሶናሮ፡ ንፍሉጥ ኣመሪካዊ ተዋሳኣይ ሆሊውድ ሊዮናርዶ ዲካፕርዮ፡ "ጫካታት ኣማዞን ንምቅጻል ብዙሕ ገንዘብ መዊሉ" ክብል ከሲሱዎ።

እቲ ፕረዚደንት ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ሊዮናርዶ ዲካፕርዮ ዕዉት ሰብ'ዩ። ኩይኑ ግና፡ ኣብ ኣማዞን ባርዕ ጫካ ንኽለዓል ገንዘብ ይምውል እዩ" ክብል ሓቢሩ። ኣሰዒቡ ድማ፡ "ተልእኾ ዘይመንግስታውያን ገበርቲ ሰናይ ማሕበራት፡ ኣብቲ ጫካታት ባርዕ ምውላዕ ተመሊሶም ኑቲ ባርዕ ብደረቖን ቪድዮን ካሜራ ምቕራጽ፡ ከምኡ ድማ ኣንጻር ብራዚል ዝዓለመ ጽዑቕ ዘሙተታት ምኪያድ እዩ ነይሩ። ነዚ ንኽገብራ ድማ ሊዮናርዶ ዲካፕርዮ ገንዘብ ክምውለን ይወከሰኦ ነይረን። 500 ሽሕ ዶላር እውን መጥዩለን እዩ። ገለ ክፋል ናይዚ ገንዘብ'ዚ፡ ኑቶም ኣብቲ ጫካታት ሓዊ ዝሳወሩ ሰባት ተኸፊሉ" ኢሉ። ካብዚ ሓሊፉ ግን እቲ ፕረዚደንት ዝሃቦ ዝኾነ ዝርዝራዊ መረዳእታ ኣይሃበረን። ንሱ፡ ንፖለሲታቱ ዝቃወማ ዘይመንግስታውያን ማሕበራት ኑቲ ኣብዚ ዓመት'ዚ ኣብ ኣማዞን ከቢድ ዕንወት ዘውረደ ባርዕ ጫካ ከም ዘጠንሰኦ ኣቐድም ኣቢሉ ከሲሱ ነይሩ።



ንዕቃብ ጫካታት ኣማዞን ዝውዕል 5 ሚልዮን ዶላር ከም ዝምውል ዝተመጐሶ ኣመሪካዊ ተዋሳኣይ፡ ኑቲ ብመራሒ ብራዚል ዝቐረበሉ ክሱ ኣሉታዊ ምላሽ ሂቡሉ ኣሎ። ንሱ በቲ ናይ ኢንስታግራም ውልቃዊ ሕሳቡ ኣቢሉ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቶም ዝኸሰሱ ዘለዉ ወገናት ሓገዝ ክግበረሎም ዝግባእ'ኳ እንተኾኑ፡ ኣብዚ እዋን ግን ሓገዝ ከም ዘይገበረሎም፡ ኣካል እቶም ኑቲ ጫካታት ንምሕላው ዝንቀሳቐሱ ብምዃኑ ግን ኩርዓት ከም ዝስምዖ ገሊጹ።

በቲ ካብ ዝሓለፈ ኑሓሰ ጀሚሩ ኣብ ኣማዞን ዝተላዕለ ባርዑ ናብ ሓደ ሚልዮን ሄክታር ዝኾነ ዱር ከምተሃሞኸ ጸብጻባት የመልክቱ።

# መክሲኮ - ህይወት 20 ሰባት ዝለከመ ግጭት



ኣብ ሰሜናዊ ክፋል መክሲኮ፡ ኣብ ዘይሕጋዊ ንግዲ ዕጹ-ፋርስ ዝጥዩ ዕጡቓት ናብ ሓንቲ 'ቪላ ዩኒዮን' ዝተባህለት ሓውሲ-ከተማ ብምእታው ምስ ሓይልታት ጸጥታ ኣብ ዝገየዱዎ ግጭት፡ 20 ሰባት ከም ዝተቐትሉ ሰብ-መዚ'ታ ሃገር ሓቢሮም።


ብመሰረት'ቶም ሰብ-መዚ፡ ኣብ 'ፒክ-ኣፕ' ዝዓይነተን ሓያለ ማካይን ዝተጻዕኑ ልዕሊ 60 ዕጡቓት ዝሓለፈ ቀዳም ቀትሪ ናብታ ከተማ ብምእታው ንቤት-ጽሕፈት ከንቲባ ናይታ ከተማ ድሕሪ ምጥቃዖም፡ ምስ ሓይልታት ጸጥታ መንግስቲ ንሰዓታትን ፈረቓን ዝቐጸለ ቶኽሲ ኣካዪዶም። ኣብቲ ናይ ቶኽሲ ልውውጥ፡ ብወገን'ቶም ዕጡቓት 14 ክቕተሉ ከለዉ፡ ብወገን ሓይልታት ጸጥታ መንግስቲ ድማ ኣርባዕተ ተቐቲሎም። ክልተ ሓለፍቲ መግዲ'ውን ተለኪሞም። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ ስርሒት ዝተሳተፉ 17 ተሽከርከርቲ ናይቶም ዕጡቓት ብቶም ሓይልታት ጸጥታ ተታሒዘን።

እቲ ፍጻመ፡ ኑቲ በትረ-ስልጣን ካብ ዝጭበጥ ሓደ ዓመት ጥራይ ኣቑጺሩ ዘሎ ፕረዚደንት ሎፔዝ ኦብራዶር ከቢድ ጸቕጢ ክፈጥረሉ ከም ዝኽእል ይግለጽ። ኣቐዲሙ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ መክሲኮ ኣንጻር'ቶም ዕጹ-ፋርስ ኣብ ምስግጋር ዝጥዩ ሓያለ ናይ ገበን ጉጅለታት ከተካይዶ ዝጸንሖት ቃልሲ ከም ዘይተዓወተ ብምግላጽ፡ ኣመሪካ ኑቶም ዕጡቓት ምስ ኣሸበርቲ ክትምደቦምን በይናኣዊ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ብምውሳድ ክትድምስሶምን ከም እትኽእል ኣተንቢሁ ነይሩ። በቲ ርእይቶ ዝተቘጥዐ ፕረዚደንት ሎፔዝ ኦብራዶር፡ "መክሲኮ ናጻን ልኡላዊትን ሃገር ስለ ዝኾነት፡ ንዝኾነ ዓይነት ጣልቃ ኣይትቕበሎን እያ" ክብል ምላሽ ሂቡሉ ነይሩ። ኣመሪካ፡ ዝሓለፈ 4 ሕዳር ትሽዓተ ዜጋታታ ኣብ መክሲኮ ብዕጡቓት ኣሰጋገርቲ ዕጹ-ፋርስ ድሕሪ ምቕታሎም፡ ጉዳይ ጸጥታ መክሲኮ ኣዝዩ ኣተሓሳሲቡዋ ከም ዘሎ'ዩ ዝግለጽ።

# ቻይና፡ ኣብ ህዋ መደበር መመንጨዊ ጸሓያዊ ጸዓት ክትደኩን እያ

ቻይና፡ ኣብ ዝመጽእ 2035 (ድሕሪ 15 ዓመት) ኣብ ጠፈር መደበር መመንጨዊ ጸሓያዊ ጸዓት ንምንጻፍ ምድላዋት ተካይድ ከም ዘላ ገሊጹ።

ኣገልግሎት ዜና ሺንህዋ ንኣካዳሚ ቴክኖሎጂ ጠፈር ቻይና (CAST) ብምውካስ ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ እቲ ካብ መሬት ኣስታት 36 ሽሕ ኪሎ ሜትር በሪኹ ኣብ ህዋ ዝንሳፈፍ 200 ቶን ዝኽብደቱ መደበር፡ ንጸሓይ ብርሃን ናብ ጸዓት ቀይሩ ብገመድ-ኣልቦ ማለት፡ ብመልክዕ ማይክሮዌቭስ ወይ ሌዘርስ ናብ መሬት ክልእኮ ዘኽእሎ ቴክኖሎጂ ዝዓጠቐ ከም ዝኾነውን ገሊጹ። እቲ ትካል፡ ካብ ጸሓይ ዝምንጨ ልዑል ጸዓት ብዘይ ገመድ ናብቲ ዝድለ ቦታ ክመሓላለፍ ዘኽእሉ ቴክኖሎጂ ንምምዕባልን ጽልዋኡ ኣብ ኣከባቢ ንምጽናዕን ካብ 2008 ኣትሒዙ ምርምራዊ ፈተነ ከካይድ ከም ዝጸንሐ'ዩ ዝገለጸ።



ንጸሓይ ብርሃን ተቐቢሉ ናብ ጸዓት ዝቕይር መደበር ወይ ሶላር ኣብ ጠፈር ናይ ምንጻፍ ሓሳብ ኣቓልቦ ብዙሓት ክኢላታት ዓለምና ክረክብ ዝጀመረ፡ ድሕሪ'ቲ ህቡብ ኣመሪካዊ ደራሲ ኢሳክ ኣሲሞቭ ብ1941 ኣብ ዝሕተማ ልብ-ወለድ መጽሓፉ ዘስፈሮ ጽውጽዋይ ዝመስል ትንቢታት እዩ።

ብደረጃ ዓለም ቀዳመይቲ ቦኽሪ ሃገር ኩይና ዘላ ቻይና፡ ተተካእቲ ጸዓት (ጸሓያዊ ጸዓት፡ ንፋሳዊ ጸዓት፡ ማያውን ኑክሌሳውን ጸዓት) ንምምዕባል፡ ኣብ 2020 ናይ 364 ቢልዮን ዶላር ወፍሪ ክትገብር ምዃና ተመጒዲዓ ኣላ።

# ካሜሩን - ብዕጡቓት ቶኽሲ ዝተኸፍተላ ናይ ገያሾ ነፋሪት

ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ካሜሩን ዝንቀሳቐሱ ዕጡቓት ተቓወምቲ፡ ብዙሓት ገያሾ ኣሳፊራ ናብ ሰሜናዊ ምዕራብ'ታ ሃገር ትብርር ኣብ ልዕሊ ዝነበረት ነፋሪት ቶኽሲ ከም ዝኸፈቱ፡ ኣዛዚ ናይቶም ዕጡቓት ንሮይተርስ ሓቢሩ።




እታ ንብረት መገዲ-ኣየር ካሜሩን ዝኾነት ነፋሪት፡ በቲ ዝሓለፈ ሰንበት ዝተፈነወላ ቶኽሲ ከቢድ ጉድኣት ከም ዝወረዳ እንተኾነ ኣብራሪኣ ብዘርኣዮ ፍሉይ ጥበብን ትብዓትን ብሰላም ክትዓልብ ከም ዝኸኣለት እቲ መገዲ-ኣየር ገሊጹ። ኣብ ልዕሊ ተጓዓዝቲ ዝጸሓ ዝኾነ ይኹን ጉድኣት ከም ዘየለ'ውን ወሲኹ ሓቢሩ።

ቶ ኢያባ ዝተባህለ ሓደ ካብ ላዕለዎት መራሕቲ ናይ'ቶም ዕጡቓት ንሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ገያሾ ኣብ ምምልላስ ዝጥዩ ንግዳውያን ነፈርቲ ካሜሩን ኣብዚ እዋን ወተሃደራትን ኣጽዋርን ኣብ ምጓዓዝ ይዋፈራ ከም ዘለዋ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ዝኾነት ብመገዲ-ኣየር ካሜሩን እትውንን ናይ መጓዓዝያ ነፋሪት ናብቲ ንኣቶም ዝቈጻጸሩዎ ከባቢታት ንእተካይዶ በረራ ዝምልከት ምሉእ ሓበሬታ ኣቐዲማ እንተ ዘይሂባ፡ ተኩሶም ከውድቑዋ ምዃኖም ኣጠንቂቑ። "ሲቪል ሰባት ኣሳፊረን ምህላወን ዘመልክት መረጋገጺ እንተ ዘይረኺብና፡ ኩለን ናብ ቦታና ዝበራ ነፈርቲ ከም ጸጥታዊ ሓደጋ ጠሚትና ስጉምቲ ክንወስደለን ኢና" ክብል ድማ ወሲኹ ኣተሓሳሲቡ።

ተዛረብቲ ቛንቛ እንግሊዝ ብዝዓበለልኑት ዝተብዑሉ ምዕራባዊ ካሜሩን፡ ካብ 2017 ኣትሒዙ ናብ ዓውደ-ኩናት ተቐዪሩ ከም ዘሎ'ዩ ዝግለጽ። ኣብቲ ዞባ ኣብ መንጎ'ቶም 'ኣምባዞኒያ' እትበሃል ሓዳስ ሃገር ንምምስራት ዝንቀሳቐሱ ዕጡቓትን ሓይልታት መንግስትን ብዝካየድ ዘሎ ተደጋጋሚ ግጭታት፡ ካብ ልዕሊ 400 ሰባት ተቐቲሎም ከም ዘለዉን ካልኦት ፍርቂ ሚልዮን ድማ መረበቶም ጠንጢኖም ክሃድሙ ተገዲዶም ምህላዎምን ይሕበር። ኣብቲ ከባቢ ዝነብሩ ውሑዳን ተዛረብቲ ቛንቛ እንግሊዝ ብቶም ስልጣን ብሒዞም ዘለዉ ንተዛረብቲ ቛንቛ ፈረንሳ ዝውክሉ መራሕቲ ከህመሹ ከም ዝጸንሑ ብምግላጽ፡ ናይ ስልጣን ምምቕራሕ ክግበር ዝጠልብ ሰላማዊ ሰልፊታት ከካይዱ ምጽንሖም ይዝከር።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኅደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ገዛ ከኒሻ | 3/12/2019 | ኅደና ክሳድ ጉዋ 195፡ ከባቢ 2ይ ደረጃ ቤ/ት ኢሳቕ ተወልደመድህን | 08202877 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ     ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services